ኢፕድ

# ወጋሕታ

2ይ ዓመት ቑፅሪ 52 24 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም ሓሙስ ብር 10.00

# ብፍፁም ኣይንርስዖን




**ሄርሞን ፍቃዱ**

ዝተፈላለዩ ዕለታት ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ዝዝከሩን ፈፂሞም ድማ ዘይርስዑን 'ዮም።ብፍላይ ኢትዮጵያውያን ምስ መንነቶም ንዝተኣሳሰረ ተዘክሮ ዝህብዎ ቦታ ኣዝዩ ፍሉይ 'ዩ። ምኽንያቱ ካብ ኣቦታቶም ዝወረስዎ ሓቦን ትብዓትን ዘይሃስስ ስለዝኾነ 'ዩ።እቲ ትብዓትን ሓቦን ድማ ታሪኽ ዓወትን ኹሉ ኽኣላይነትን ዘኽኣሎም ናይ ደገ ፀላኢ ጣልያንን ኻልኦት ባዕዳያንን ኣሕፊሮም እንትሰድዎ ዝተፈጠረ ሓድነትን ዘኹርዕ ታሪኽን ስለ ዝውንኑ 'ዩ።

ብኣንፃሩ ካብ መንጎ ብኢትዮጵያውያን ዘይርስዑ ተዘክሮታት እቲ ቕድሚ ኽልተ ዓመት 24 ጥቅምቲ 2013 ዓ/ም ዝተፈፀመ ኸቢድ ሃገራዊ በሰላ ዝገደፈ ተዘክሮን እስካዕ ሐዚ መዘዙ ዘይተዛዘመን ኣብ መንጎ ኢትዮጵያውያን ኒሕን ጣዕሳን ዝፈጠረት መዓልቲ ፈፂማ ክትርሳዕ ኣይትኽእልን፤ምኽንያቱ ጉዳይ ሰራዊት መከላኸሊ ኢትዮጵያ ስለ ዝኾነ ።

እዛ መዓልቲ ክንዝክር ከለና ብዙሓት ተዘክሮታት ይመፁ፤ ካብ መንጎኦም እቲ ዋና ዓንዲ ሑቕ ሃገርና ሰራዊት መከላኸሊ ኢትዮጵያ 'ዩ።ብፍላይ ድማ ኣብ ትግራይ ንብዙሕ ዓመታት ዝፀንሐ ሰራዊት እዚ ሰሜን።

ሰራዊት እዚ ሰሜን ንሃገሩ ኢትዮጵያ ብፍላይ ድማ ንትግራይ ዝገበሮ ውዕለታ ብዙሕ እንተኾነኳ ብውሑዱ ንምጥቃስ ግና ኣብ ጎኒ ህዝቢ ትግራይ ኾይኑ ብዙሓት ማሕበራዊ ሓላፍነታት እናተዋፅአ ቤት ትምህርቲ እናሰርሐ፣ስራሕቲ ግብርና ኣብ ጎኒ ሓረስታይ ኮይኑ ብምስራሕን ሃንደበታዊ ፀገማት እንተጓንፉ ቕዲሙ ዝበፅሕን ኣለኹልካ ህዝበይ እናበለ ሓበን ዝኾውንን ዘኹርዕ ሓላፍነቱ ዝዋፃእ ጅግና ሰራዊት 'ዩ።

ካብ ዳይሮክቶሬት ርክብ ህዝቢ ሰራዊት መከላኸሊ ዝረኸብናዮ ቑፅራዊ መረዳታ ከም ዝሕብሮ እዚ ሰሜን ካብ 2005 እስካዕ 2012 ዓ/ም ዝተፈላለዩ ሰናይ ተግባራት ዝሰርሐ እንትኸውን፤ብዝተፈላለየ ምኽንያት ወለዶም ንዝስኣኑ ዘኽታማት ቖልዑ 3,057,427 ብር ዝግመት ሓገዝ፤ንዓቅመ ድኹማት 2,134,800 ብር ዝግመት ሓገዝ፤549 ኪሎ ሜትር 1,694,514 ብር ዝግመት ስራሕቲ ሓመድን ማይን ዕቓባ 47,252,860 ብር ዝግመት 5,493,611 ፈልሲ ዝተኸለ እንትኸውን ፤ ንዓቕመ ድኹማን ዝተሰርሑ 117 ገዛውቲ ብ2,618,905 ብር ዝግመት፣ 65 ቤት ትምህርታት ብብር 5,455,075 ዝተሰርሑ እንትኾኑ፤1,013 ኪሎ ሜትር መንገዲ ብ33,768,712 ብር ዝግመት ተሰሪሑ፤ኣብ ስራሕቲ ግብርና ዓፂድን ፃህያይን 12,351,018 ብር ዝግመትን 5 ማእኸል መዘናግዒ መናእሰይ ብ4,769,112 ብር ሰሪሑ 'ዩ፤ብሓፈሻ 113,102,426 ብር እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሱ ስራሕቲ ብምስራሕ ንህዝቢ ዘበርከተ ማእገር

ብፍፁም...6

# ስምምዕ ሰላም ሕገ መንግስታዊ ስርዓትን ብሄራዊ ረብሓ ኢትዮጵያ ብዝሓለወ መገዲ ተዛዚሙ

- ህወሓት ዕጥቂ ንምፍታሕ ተስማሚዑ

ኣዲስ ኣበባ፡- ብሕብረት ኣፍሪካ መራሒነት ኣብ ደቡብ ኣፍሪካ ፕሪቶርያ ንዓሰርተ መዓልታት ይካየድ ዝፀንሐ ዘተ ሰላም ሕገ መንግስታዊ ስርዓት፣ ብሄራዊ ረብሓ ግዝታዊ ሓድነትን ሉኣላዊነትን ኢትዮጵያ ብዝሓለወ መገዲ ተዛዚሙ።

እቲ ዘተ ሰላም እንትዛዘም ስምምዕ ሰላም ምፍራሙ መንግስቲ ኢትዮጵያ ብሓጎስ ተቐቢልዎ።

እቲ ስምምዕነት ምኽባር ሉኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነት ኢትዮጵያንን ሕገ-መንግስቲ ደጊሙ ዘረጋገፀ'ዩ።

እቲ ስምምዕ ምስ ሕገ-መንግስቲ ዝሰማማዕ፣ ኢትዮጵያ ሓደ ሓይሊ ምክልኻል ሃገር ጥራይ ከምዘለዋ'ውን ደጊሙ ከምዘረጋገፀ እቲ ስምምዕ የመልክት።

ነዚኦምን ካልኦት ኣብቲ ስምምዕ ዝተቐመጡ መሰረታዊ መትከላት ንምትግባር፣ዕጥቒ ምፍታሕ፣ ምጥያሽን ዳግማይ ምውሃድ ዕጡቓት ህወሓት ክልቲኦም ወገናት ተስማሚዖም።

በቲ ጎንፂ ዝተሃስዩ ማሕበረሰባት ብቐልጡፍ መልሲካ ንምጥያሽን ዳግመ ህንፀትን ንምጅማር ኣብቲ ስምምዕነት ተቐሚጡ ኣሎ።



መንግስቲ ኣብዚ መዳይ ምስ ዓለምለኻውያን መሻርኽቲ ብቐረባ ክሰርሕ ድሉው 'ዩ ክብል እቲ ስምምዕ የመልክት።

ክልቲኦም ወገናት ሓባራዊ መግለፂ መንግስቲ ኢትዮጵያን ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይን 'ውን ኣንቢቦም። ንልኡኽ ኢትዮጵያ ዝወከለ ኣምባሳደር ሬድዋን ሑሴን፣ ህዝቢ ኢትዮጵያ ሰላምን ልምዓትን ዝጠልብ ምዃኑ ብምግላፅ፣ ብመንፈስ እቲ ስምምዕ ሓቀኛ ምዃን ኣገዳሲ ምዃኑ ገሊፁ።

‹‹ሕገ-መንግስቲ ፌደራላዊት ዲሞክራስያዊት ሪተብሊክ ኢትዮጵያ ንምኽባር ሉኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ኢትዮጵያ ንምሕላው ቃልና ደጊምና ኣረጋጊፅና ኢና። ኢትዮጵያ ሓደ ሰራዊት ምክልኻል ጥራይ'ዩ ዘለዋ ክብል ኣረጋጊፁ።

ኣብ ሕብረት ኣፍሪካ ላዕለዋይ ወኪል ቀርኒ ኣፍሪቃ፣ ከምኡ'ውን ነበር ፕረዚደንት ፌደራላዊት ሪፐብሊክ ናይጀርያ ነበር ኦሉሰጉን ኦባሳንጆ፣ ክትትልን ክትትልን ምርግጋፅን እቲ ስምምዕ ብላዕለዋይ ደረጃ ፓነል ሕብረት ኣፍሪካ ክካየድ ምዃኑ ገሊፁ።

ሕብረት ኣፍሪካ ኣብ ኢትዮጵያ ሰላም፣ ድሕንነትን ምርግጋእን ንምምፃእ ይፅዕር ከምዝነበረ ዝገለፁ ኦባሳንጆ፣ እቲ ስምምዕ ምፍራሙ ‹‹ንፀገማት ኣፍሪካኣፍሪቃዊ መፍትሒ›› ብዝብል ቴማ ተግባራዊ ምዃኑ ዘረጋገፀ 'ዩ ኢሎም።



ኣይተ መስፍን ደሳለኝ

## ኣብ ልዕሊ እዚ ሰሜን ዝተፈፀመ መጥቃዕቲ ዝርሳዕ ኣይኮነን

- ብምኽንያት መጥቃዕቲ እዚ ሰሜን ስዒቡ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ፀገም ክወድቕ ክኢሉ 'ዩ

ገፅ 7



## ‹‹ህዝቢ ትግራይ እቲ ሕዚ ረኺቡዎ ዝኒሀ ዕድል ከየምልጦ ነቒሑ ክሕልዎ ኣለዎ››

- ኣይተ ሙሉብርሃን ሃይለ

ገፅ 7

## ብስቓይ ህፃናትን መናእሰይን ትግራይ ተኸቢቡ ፣ ህልውንኡ እናረጋገፀ ዘሎ ጉጅለ

ገፅ 4

## ‹‹ህዝቢ ትግራይ ብናይ ሓሶት ፖለቲካዊ ጉጅለ ህወሓት ክዳናገር የብሉን››

ገፅ 5

## “ዓቕሚ ኣፍሪካ እቲ ሐዚ ዘላቶ ጥራይ ዘይኮነ እቲ ዘለዋ ዓቕሚ ኣገናዚቦም ክትኮና ዝግብኣ ዝቕምሩላ መናእሰይ ደቃ'ዮም”

- ቀዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ

ገፅ 7

ወጋሕታ **ዜና**

# «ዝሓሸት ሃገር ንምህናፅ ኣብ መሰረት ትኹረት ሂብና ምስራሕ ክንቅፅል ኢና»

**- ቀዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ**

**ኣብርሃ ሓጎስ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ናይ ፅባሕ ኢትዮጵያ ብኹሉ መዳይ ዝሓሸት ንኽትኾን መሰረት ብዝኾኑ ህፃናት ትኹረት ገይርና ምስራሕና ክንቅፅል ኢልና ክብሉ ቀዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ ገሊፆም። እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብ ምጅማር ካልኣይ ምዕራፍ ፓርክ ናይ ምሕዝነት ፓርክ መዘናግዒ ህፃናትን መናእሰይን ዑደት ኣካይዶም።

ኣብዚ እዋን ቀዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ከምዝበልዎ ፤ ንመፃኢ ልምዓት ሃገርና መሰረት ንምንፃፍ ኣብ ህፃናት ትኹረት ገይርና ብሓዚሑ ክንሰርሕ ይግባእ ኢሎም።

እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብዚ ሕዚ እዋን ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ንርእዮ ዘለና ፅገም ኣብ ህፃናት ካብ ዘይምስራሕ ዝመፅኣ ከምዝኾነ ብምግላፅ፤ ኣብ ዝቕፅል ሃገራዊ ህንፀት ብኣእምሮን ስነልቦናን ዝማዕበለ ወለዶ ንምህናፅ ፃዕርታትና ክንቅፅል ኢና ኢሎም።

እቶም ቀዳማይ ሚኒስተር ህፃናት ንሃገሮም እናድነቑን እናፈተውን ግዜኦም ከሕልፍዎ እንተኽኢሎም ብቀፃሊ ንህንፀት ሃገር ዘለዎም ኣገዳስነት ልዑል ክኸውን 'ዩ ብምባል ሃገር ብሓያል ወለዶ 'ያ እትምስረት፤ሓያል ወለዶ ዘለዋ ሃገር ፀገማት ንምብዳህ ኣይትፅገምን ክብሉ ገሊፆም።

ኣብቲ ወለዶ ትኹረት ገይርና ክንሰርሕ እንተኽኢልና ዝያዳ ኣፍረይቲ ክንከውን ኢና፤ መንግስቲ ወለዶታት ብምስራሕ ሃገር ንምስጋር ትኹረት ሂቡ ይሰርሕ፣ ኣብ ቐፃሊ ወለዶ መሰረት ንምንፃፍ ንሰርሖ ዘለና ስራሕቲ ናይ ምሕዝነት ፓርክ መዘናግዒ ህፃናትን መናእሰይን ሓደ ኣብነት 'ዩ ክብሉ ገሊፆም።



ኣብቲ መናፈሻ ዝዘናግዑ ህፃናት ብዘመናዊ መንገዲ ንብድሆታትን ፀገማትን ብኸመይ ከም ዝሰግሩ እናተማህሩ፣ ኣካላቶምን ኣእምሮኦምን ከማዕብሉ ይኽእሉ። በዚ መዳይ እዚ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ክልል ተመሳሰልቲ ፕሮጀክትታት ክህነፁን ኣብ ቀፃሊ ወለዶ ክሰርሑን ከምዝግባእ ኣብሪሆም።

እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር ከምዘፍለጥዎ፤ ብድሆታት ክፃወር ዝኽእል ሓያል ወለዶ ምህናፅ ዝከኣል ካብ ታሕተዋይ ዕድመ ጀሚሩ'ዩ፤ ስለዝኾነ ድማ ህፃናት ናይ ምንባብ፣ ኣተሓሳስባን ኣካላውን ኣእምሮኣውን ክእለቶም ዘማዕብሉሉ ቦታታት የድልዮም።

መንግስቲ መሰረቱ ኣብ ቀፃሊ ወለዶ ምግባር ይግባእ ብዝብል ፣ ካብተን ዘለዋ ዩኒቨርሲታት ካሊእ ሓደሽቲ ከይወስካ ፣ ፅሬተን እናወሰኸ ብተመሳሳሊ ድማ ብዙሓት መዋእለ ህፃናትን ኣብያተ ትምህርትን ይሃንፅ ኣሎ ኢሎም።

ብኸምዚ ኣገባብ ብኣሸሓት ዝቑፀራ ቅድመ ትምህርቲ ህፃናት ከም ዝተሃንፃ ዝገለፁ እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር፤ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ምስ መባእታ ኣብያተ ትምህርቲ ብምትእስሳር ትሸዓተ ሚልዮን ህፃናት ክምገቡ ከምዝፀንሑ 'ውን ኣረዲኦም።

ብዘይካ'ቲ ኣብ መዋእለ ህፃናትን መባእታ ኣብያተ ትምህርትን ዝካየድ ንጥፈታት ብተወሳኺ ክልተ ዓይነት መናፈሻታት ከም ፓርክ ምሕዝነት ኣብ ምህናፅ ቀፃሊ ወለዶ ልዑል ተራ ኣለዎም ኢሎም።

እቲ ፓርክ ኣብ ማእከል ከተማ ከምዝርከብን ዜጋታት ደቆም ከዘናግዑ ኣብ ዝደልዩሉ እዋን ኣብ ቀረባ ክረኽብዎ ዝኽእሉ ደረጃ ዘለዎ ቦታ ምዃኑ ብምምልካት፣ ቆልዑ ምስ ተፈጥሮ ተሰማሚዖም ግዜኦም ዘሕልፍሉ ቦታ ስለዝኾነ ኣብ ህፅናት ተመርኲስና ንሰርሕ ኣለና ኢሎም።

ካልኣይ ምዕራፍ ምሕዝነት ፓርክ ስፖርት፣ ፀወታን ማሕበራዊ ርክባትን ዘወሃህድ 'ዩ። ህፃናት ኣብ ዝፃወቱሉ እዋን ሳይንስን ቴክኖሎጅን ይለማመዱ ፤ መንእሰያት የንብቡን ስፖርት ይፃወቱን። ወለዲ ምስ ደቆም መፂኦም ማሕበራዊ ተመኩሮታቶም የካፍሉ ኢሎም።

ሓደሽቲ ተመርዓውቲ ስነ ስርዓት መርዓኦም ኣብዚ ይምስርቱ ፤ ናይ ፅባሕ ኢትዮጵያ ዝሓሸት ክትከውን ዝሓሸ ወለዶ እናፍረና ክንቅፅል ኢና ኢሎም።

ቀዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ ከምዝገለፅዎ፤ ኩሉ ማሕበረ ሰብ ክፍሊ ንሓደ ሰሙን ብነፃ ናይ ምሕዝነት ፓርክ ክጉብንዩ ይኽእሉ ኢሎም።

ኣብቲ ዕለት ኣብቲ ቑፅሪ ክልተ ፓርክ ምሕዝነት ሓደሽቲ መራዑት ስነ ስርዓት መርዓኦም ኣካይዶም 'ዮም።እቶም መራዑት ሓጎስ ከምተሰምዖም 'ውን ገሊፆም።

# ኣላማጣ ፤ኮረም፤ዋጃን ጥሞጋን ግልጋሎት ኤሌክትሪክ ረኺበን

**ሄርሞን ፍቓዱ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ ከባቢ ኣላማጣ፣ ኮረም፣ ዋጃን ጥሞጋን ዝርከቡ ዜጋታት ካብ ጥቅምቲ 21 ጀሚሩ ግልጋሎት ኤሌክትሪክ ከም ዝረኸቡ ግልጋሎት ኤሌክትሪክ ኢትዮጵያ ኣፍሊጡ፡፡

ኣላማጣን ከባቢኣን ብምኽንያት ወራር ጉጅለ ህወሓት ዝዓነወ 42 ትራንስፎርመራት ሽዱሽተ ሽሕ ሜትር መስመራት መተሓላለፊ ኤሌክትሪክ ከም ዝተቐየሩ ተዛሪቦም፡፡

ኣብ ግልጋሎት ኤሌክትሪክ ኢትዮጵያ ዳይሬክተር ኮርፖሬት ኮምኒኬሽን ኣይተ መላኩ ታዬ ንትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ከምዝገለፅዎ፣ ኣብ ከባቢ ኣላማጣ ግልጋሎት ኤሌክትሪክ ድሕሪ ምፍናዉ ከባብታት ኮረም፣ ጥሞጋን ዋጃን ግልጋሎት ኤሌክትሪክ ንክረኽባ ፃዕሪ እናገበረ ከምዝፀንሐ ኣፍሊጦም፡፡



ፎቶ፡- ሓዱሽ ኣብርሃ

ከም ገለፃ ኣይተ መልኣኩ ፤ብወራር ጉጅለ ራዕዲ ዝዓነዉ መስመራት ኤሌክትሪክ ስራሕቲ ፅገና እናተሰርሐ ከም ዝፀንሐ ተዛሪቦም፡፡

ብተመሳሳሊ ኣብ ካልኦት ከባብታት ሰሜን ኢትዮጵያ በቲ ጉጅለ ዝዓነዉ መሰረተ ልምዓት ግልጋሎት ኤሌክትሪክ ስራሕቲ ፅገና እናቐፀለ ከም ዝኾነ ኣይተ መልኣኩ ጠቒሞም፡፡

ካብ ጉጅለ ራዕዲ ህወሓት ናፃ ዝወፃ ከባብታት ግልጋሎት ኤሌክትሪክ ንምስራሕ ምድላዋት ተገይሩ ከም ዝነበረ ዘዘኻኸሩ ኣይተ መላኩ፤እቲ ወራሪ ሓይሊ ኣብ ዝለቐቐም ከባብታ እናተኸታተሉ ኣብ ኣፀጋሚ ኹነታት ብምሕላፍ እናሰርሑ ከም ዝኾኑ ገሊፆም፡፡

ብስራሕቲ ፅገና ኣብ ኣላማጣን ከባቢኣን ዝርከከባ ብምኽንያት ወራር ህወሓት ዝዓነዉ 42 ዋና መከፋፈልቲ ትራንስፎርመራት ከም ዝተቐየሩ ገሊፆም፡፡

ካብዚ ሓሊፉ ብጥይት ከይተረፈ ዝዓነዉ መስመራት ግልጋሎት ኤሌክትሪክ ከም ዘለዉ ዝጠቆሙ ኣይተ መላኩ፤ጉድኣት ዝበፅሖም ሽዱሽተ ሽሕ ሜትር መስመራት ግልጋሎት ኤሌክትሪክ ከም ዝተቐየሩ ድማ ኣፍሊጦም፡፡

ሰራሕተኛታት እቲ ትካል ብኣፀጋሚ መልክኣ ምድርን ኣየር ፀባይን ን24 ሰዓታት ከምዝሰርሑ ዝተዛረቡ ኣይተ መላኩ፤ ካብ ሰራሕተኛታት ሓሊፉ ምምሕዳር እቲ ከባቢ፣ ኣካላት ፀጥታን ሕብረተሰብን ንዝገበርዎ ምትሕብባር ምስጋና ኣቕሪቦም፡፡

ካብ ኣላማጣ እስካዕ ቆቦ ዝተሰርሐ ፅገና ሓዊሱ ካብ ኣላማጣ እስካዕ ላሊበላ ዝተዘርገሐ ስራሕቲ ፅገና 66 ቮልት መስመር ትራንስፎርመር ልዕሊ 90 ሚኢታዊ ከምዝተሰርሐ ገሊፆም፡፡

ካብ ምዕናው ሓሊፉ ኣብ ከተማ ሮቢት ዝነበሩ ግልጋሎት ወሃብቲ ማእኸላት ሙሉእ ንሙሉእ ብጉጅለ ራዕዲ ከም ዝተሰረቑ ብምግላፅ፤ሓፈሻዊ መጠን ጉድኣቱ ድማ ንቕፃሊ ተፀኒዑ ዕላዊ ከም ዝግበር ገሊፆም፡፡

ጉጅለ ራዕዲ ብዝፈፀሞ ወራር ኣብ ክልላት ኣምሓራ፣ ዓፋን ትግራይን ተደጋጋሚ ጉድኣት ግልጋሎት ኤሌክትሪክ ኣብፂሑ 'ዩ፡፡

# ኢፕድ ዝጀመሮም ሓደሽቲ ኣሰራርሓት ተጠናኺሮም ንኽቕፅሉ ቋዋሚ ኮሚቴ ኣተሓሳሲቡ

**ኣብርሃ ሓጎስ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ዝጀመሮም ሓደሽቲ ኣሰራርሓት ተጠናኺሮም ንኽቕፅሉ ኣብ ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ቀዋሚ ኮሚቴ ጉዳያት ሕጊ ፍትሕን ዴሞክራሲን ኣተሓሳሲቡ፡፡ እቲ ቀዋሚ ኮሚቴ ናይቲ ትካል ናይ 2015 ዓ.ም ትልሚን ናይ 2015 ዓ.ም ርብዒ ዓመት ትልሚ ኣፈፃፀምን ሪፖርት ኣዳሚፁ፡፡

ናይቲ ትካል ኣፈፃፅማ ትልሚ ሪፖርት ዘቕረቡ ናይ ኢፕድ ዋና ሥራሕ ፈፃሚ ኣይተ ጌትነት ታደሠ ኣብቲ እዋን ከምዝገለፅዎ፤ እቲ ትካል ካብ 2011 ጀሚሩ ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ብዝፀደቀሉ ኣዋጅ ቁፅሪ 1151/11 መሰረት ትካላዊ ምምሕያሻት እናተገበረሉ መፂኡ 'ዩ፡፡ እቲ ትካል ናይ 10 ዓመት ስትራቴጅካዊ ትልሚ ኣዳልዩ ናይ ተግባር ምእታው 'ውን ገሊፆም፡፡

እቶም ዋና ስራሕ ፈፃሚ እቲ ትካል ካብ 2011 ዓ.ም ጀሚሩ ሓደሽቲ ኣሰራርሓን ሪፎርምን ኣብ ግብሪ እናወዓለ ከምዝፀንሐን፤ ኣብቲ ትካል ለውጢ ከምዝተራእየ 'ውን ገሊፆም 'ዮም።

ኣብዚ ሕዚ እዋን ትሕዝቶን ተነባብነትን ውፅኢት ሕትመት፣ ከምኡ 'ውን ዓቕሚ ሰብን ዓቕምን እቲ ትካል እናወሰኸ ከምዝኾነን፣ እቲ ትካል ንኻልኦት ትካላት ማእኸል ስልጠና ኣጣይሹ ስልጠና ከምዝሃበን፣ ከምኡ'ውን ናይቲ ትካል ኣታዊ ንምዕባይ ሓደሽቲ መማረፂታት ዕዳጋ ከምዝወሰኸን፤ ዕብየት ናይቲ ትካል ብደረጃ እቶት ወሰኽ ከምዘርኣየ ኣፍሊጦም።

ኣብ ቀፃሊ ምውናን ቤት ሕትመት፣ህንፀት ስቱድዮ ብምዝዛም ኦንላይን ቴሌቪዥን ከምኡ 'ውን ቅድሚ ሕዚ ዝነበረ ካሜራን ድምፅን እቲ ትካል ካልኦት ኣገደስቲ ሰነዳትን ዝርከበሉ ቤተ መዘክር ምውዳእ ከምዝርከብዎም ገሊፆም።

ብኻልእ ወገን ድማ ብቐፃልነት ወሰኽ ዋጋ ውፅኢታት ሕትመት፣ እቲ ትካል ናይ ገዛእ ርእሱ ቤት ሕትመት ንምጥያሽ ዝሓንፀፆ መደብ ምድንጓዩን ምስቲ ናይቲ ትካል ዝተኣሳሰር ኣዋጅ ምምሕያሻት ዘድልዮም ጉዳያት ምምሕያሽ ዘይምግባርን ከም መሕነቆ ኣልዒሎም እቲ ቀዋሚ ኮሚቴ ድማ ነዞም ጉዳያት ክድግፍ ሓቲቶም።

ኣባላት ቀዋሚ ኮሚቴ ጉዳያት ሕጊ፣ፍትሕን ዲሞክራስን 'ውን ነቲ ፀብፃብ ምስ ሰምዑ፣ ክጠናኸሩን ክመሓየሹን ዘለዎም ጉዳያት 'ውን ርኢቶ ዝሃቡ እንትኾኑ፤ እቲ ትካል ዝጀመሮ ሃገራዊ መንነት ዘጠናኽር ሓዱሽ ኣሰራርሓታት ክጠናኸር ከምዝግባእ ብምሕባር፤ ተበፅሕነት ሕትመታት ናይቲ ትካል ምዕባይ፣ ድምፂ ህዝቢ ኮይኑ ክቕፅልን ከምኡ'ውን ነቲ ዝጀመሮ ኣወንታዊ ፅልዋ ንክቕፅለሉ ድማ ኣተሓሳሲቦም።

ኣካቢት ቀዋሚ ኮሚቴ ጉዳያት ሕጊ፣ፍትሕን ዲሞክራስን ወይዘሮ እፅገነት መንግስቴ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ዝጀመሮ መድረኽ «ምእንተ ኢትዮጵያ» ዘይተለምደን ሓድሽን ኣረኣእያ ዘለዎ ከምዝኾነን፣ ከምኡ 'ውን ዓብዩ ሃገራዊ ትርጉም ዘለዎ ምዃኑ ንኢደን። ብተወሳኺ እቲ መድረኽ ዘተ ዝተፈላለዩ ሓሳባት ክዘዋወሩ ብምፍቓድ ሃገራዊ ምርድዳእ ንምፍጣር ዝግበር ፃዕሪ ዝሕግዝ ምዃኑ 'ውን ገሊፀን።

ብተወሳኺ እቲ ትካል ብመንፅር ትሕዝቶ ፅዕንቶ ፈጣሪነትን ኣጀንዳ ኣመራርሓን፣ ናይ ሰብ ሃፍቲ ዓቕሚ ንምህናፅ ዝሰርሖ ዘሎ ስራሕ፣ ሃፍቲ ንምእካብ ዝጀመሮ ፃዕሪ ከምኡ 'ውን እቲ ትካል ኣብ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ዝሰርሖም ስራሕቲ ከም ኣወንታዊ ዝጥቀሱ ከምዝኾኑ ኣልዒለን።

ብተወሳኺ ኣብ መስርሕ ለውጢ ዝርከብ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ዝካየድ ዘሎ ናይ ምምሕያሽ ስራሕቲ ናብቲ ዝሓሰቦ ዕላማ ዘብፅሕን ናብ ቅኑዕ ኣንፈት ይስጉም ምህላዉ ዘረጋግፅን 'ዩ ብምባል፤ ፀገማት ህዝቢ ንምፍታሕን ሃገራዊ ተልእኾኡ ንምፍፃምን ዝገብሮ ዘሎ ፃዕሪ ዘተባብዕ ምዃኑ 'ውን ገሊፀን።

ኣብ ቀፃሊ እቲ ትካል ዝጀመሮ ናይ ምምሕያሽ ስራሕ ብምጥንኻር፣ ናብ ህዝቢ ወሪዱ ፀገማት ኣርእዩ ድምፂ ህዝቢ ክስማዕን ተጠቃምነት ህዝቢ ንምርግጋፅ ክሰርሕን ይግባእ ኢለን። ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ ምዕባይ ዝርገሐ ጋዜጣታትን ፀገማት ሰናይ ምምሕዳር ኣብ ምቅላዕን ዝጀመሮ ሰናይ ስራሕ ክቕፅልን ብዙሕነትን ኣብ ግምት ዘእተወ ናይ ተበፃሕነት ስራሕ ክሰርሕ ከምዘለዎ ኣስሚረናሉ።

# ህዝቢ ትግራይ ቴኣትር ምስለኔ ህወሓት ገዲፉ ምስ ሰራዊት ምክልኻል ዝጀመሮ ምትሕብባር ንከጠናኽር ፃውዒት ቐሪቡ

**መሰረት ገ/ዮሃንስ**

ኣዲስ ኣበባ፡-ህዝቢ ትግራይ ናይ ህወሓት ናይ ምስለኔ ቴኣትር፣ብምስለኔነት ንዝነበረ ህወሓት ገዲፉ፣ምስ ሰራዊት ምክልኻል ዝጀመሮ ምትሕብባር ንከጠናኽር መንግስቲ ፃውዒቱ ኣቕሪቡ፡፡

ግልጋሎት ኮሙኒኬሽን መንግስቲ ኣብ ዘውፅኦ መግለፂ ከምስሓበሮ፣ ህዝቢ ትግራይ ምስ ሰራዊት ምክልኻል ዘለዎ ስምረት ንህወሓት ኣደንጊፅዎ ኣሎ። በዚ መበገሲ"ምስለኔታት ከመሓድሩኻ እናመፅኡ'ዮም" ዝብል ቤላ ቤሎ ይነዝሕ ኣሎ። ህዝቢ ኢትዮጵያ ንህወሓት ዝተቓለሶ ምምሕዳር ምስለኔ ንክተርፍ'ዩ። ምምሕዳር ምስለኔ ኣብ ክልላት እንደገና ዝዘርግሐ ህወሓት'ዩ፡፡

ህዝቢ ትግራይ ብናይ ባዕሉ ደቁ 'ምበር ብማንም ክመሓደር ኣይግበኦን፤ኣይከኣልን። ስርዓት ፌደራል'ውን ንዚ ኣይፈቕድን። ስለዝሓብእ'ምበር ህወሓት'ውን ንዚ ይፈልጥ'ዩ ክብል ገሊፁ፡፡

ሰራዊት ምክልኻል ኢትዮጵያ ህዝቢ ትግራይ ህወሓት ካብ ዝፀዓኖ ኣርዑት ሓራ ንክኾን መስዋእትነት እናኸፈለ ምዃኑ ዝገለፀ ግልጋሎት ኮሙኒኬሽን መንግስቲ፣እዚ መስዋእትነት ንዝተሓሰበ ሸቶ ንከሳኽዕ ህዝቢ ትግራይ ዘይትካእ ግደ እናተፃወተ ይርከብ ኢሉ፡፡

ህዝቢ ትግራ ንሰራዊት ምክልኻል ብምሕብሓብ፣ስንቂ ብምቕባል፣ሓበሬታ ዝተሓብኡ ዕሱባትን ኣፅዋር ኹናትን ብምሃብ፣መንገዲ ብምምራሕን ከባቢኡ ብምሕላውን ኣብ ጎኒ ሰራዊት ተሰሊፉ ኣሎ። ንዚ መንግስቲ ምስጋና የቕርብ ክብል ኣመልኪቱ።

# ርእሰ ኣንቀፅ

## 24 ጥቅምቲ- ብፍፁም ኣይንርስዖን!

24 ጥቅምቲ 2013 ዓ.ም ፍርቂ ለይቲ ንልዕሊ 20 ዓመታት ህዝቢ ትግራይ ካብ ፀላኢ እንትሕሉ ፣ ንዝተፀገሙ ተጋሩ ብገንዘብ፣ ጉልበት ዝሕግዝ ዝነበረ፣ ቤት ትምህርቲ፣ ጣቢያ ጥዕናን መገዲን ዘይብሎም መንደራት ብገንዘቡ ጉልበቱ ሰሪሑ ኣስሪሑ ህፃናት ትግራይ ንክመሃሩ፣ ዝሓመሙ ኣብ ቀረበኦም ንክሕከሙን መንደራት ንክራኸቡን ኣብ ልዕሊ ዝገብር ዝነበረ እዚ ሰሜን ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ራዕዳዊ ህወሓት ክሕደት ዝፈፀመላ ዕለት ስለዝኾነት ብፍፁም ኣይንርስዓን።

በዛ ዕለት ብራዕዳዊ ህወሓት ብዝተወሰደ ጉጉይ ስጉምቲ ህዝቢ ትግራይ ንዝሓለፉ ክልተ ዓመታት ኣብ ከቢድ ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ቅልቅላው ኣትዩ ኣሎ።መናእሰይ ደቁ ተገዲዶም ናብ ኹናት ንክኣትዎ ተገይሮም፤ብዙሓት ሂወቶም ስኢኖም፤ኣካሎም ጎዲሉ።እዚ ኹሉ ዝኾነ ብክሕደት ራዕዳዊ ህወሓት'ዩ።

ቀደሙ'ውን ህዝቢ ትግራይ ክንዲቲ ዝኸፈሎ መስዋእቲ ተረባሒ ልምዓት ኣይነበረን።እቶም ብሽሙ ይሽቅጡ ዝነበሩ፣ ብዘይካ ንሶም ንህዝቢ ትግራይ ዝሓሊ የለን በሃልቲ እተን ዝነበራ ውስናት መሰረተ ልምዓት 'ውን ብዝወልዕዎ ኹናት ፈሪሰን ።በዚ'ውን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ማህሰይቲ በፂሑ ።ራዕዳዊ ህወሓት ብፀረ ህዝቢ ድርጊቱ ዘዕነዎም መሰረተ ልምዓታት ንህዝቢ ትግራይ ሓልዮት ከምዘይብሉ ዘርእይ 'ዩ።ካብዚ ንላዕሊ ፀረ ህዝብነት የለን።በዚ'ውን እታ ዕለት ብፍፁም ኣይንርስዓን።

ኣባላት ሰራዊት ምክልኻል እዚ ሰሜን ኣብ ትግራይ ኣብ ዝነበሩሉ እዋን ንድኹማት ምህርቶም ብምእካብን ኣንበጣ ኣጋጢሙ ኣብ ዝነበረሉ እዋን ድማ ዝራእቲ ሓረስታይ ኣብ ምክልኻል ይሳተፉ ዝነበሩን ብማሕበራዊ ህይወቶም ድማ ፅኑዕ መሰረት ዝነበሮ 'ዮም።ኮይኑ ግና ምስ ህዝቢ ትግራይ ኣንበጣ እንትፋለምን እንትደክምን ውዒሉ፣ "ሃገር ሰላም'ዩ" ኢሎም ኣብ ዝደቀሰሉ፣ ብጉጅለ ግብረ ራዕዲ ብዝተፈፀመሉ መስካሕኪሒ ክሕደት ዝተመልአ ናይ ግፍዒ ስጉምቲ ኣብ ዝኾነ ይኹን እዋን፣ ቦታ ብዝኾነ ይኹን ኩለታት እንተኾነ 'ውን ኣይንርስዖን።

24 ጥቅምቲ 2013 ዓ.ም ሉኡላውነት ኢትዮጵያ ዝተደፈረሉ፣ ተጋሩ ብዘይውክል ናይ ለያቡን ከሓድቲን እኩብ ብዝፈፀሞን ብዘፈፀሞን መስካሕክሒ ተግባር ንፁሃን ተጋሩ ንፀገም ክቃልዑ፣ ኢትዮጵያውያን ክቡር ህይወቶምን ዋጋ ክኸፈሉ ዝገበረት፣ ሉእላውነት ሃገር ዝተደፈረሉ ዕለት'ያ።ስለዚ ብፍፁም ኣይንርስዓን።

ራዕዳዊ ህወሓት መገዲ ሰላም ረጊፁ ጥቕዓት ብምፍፃሙ ኣብ ትግራይ ኲናት ንክውላዕ ብምግባር ህይወት መናእሰይ ናብ ሞት፣ንብረት ህዝቢ ድማ ንዕንወት ዝዳረገ 'ዩ።ካብዚ ብተወሳኺ መሰረተ ልምዓት እቲ ክልል ንክዓንውን ህዝቢ ናብ ወፃእን ኣብ ውሽጥን ንክመዛበል ምኽንያት ኮይኑ'ዩ።ብሓፈሻ ኣብ ትግራይ ቅልውላው ንክፍጠርን ህዝቢ ሓሳረ መከረኡ ክርእይ ገይርዎ ኣሎ።በዚ'ወን እታ ዕለት ንህዝቢ ትግራይ'ውን ክሕደት ዝተፈፀመላ ዕለት ስለዝኾነት ኣይትርሳዕን።



24 ጥቅምቲ ብፍፁም ኣይንርስዖን!

እዚ ራዕዳዊ ሓይሊ መንግስቲ ፌደራል በይናዊ ተኩሲ ጠጠው ምባል ወሲኑ ካብ ትግራይ ምስወፅአ'ውን እቲ ኹናት ናብ ክልል ኣምሓራን ዓፋርን ብምስፋሕ እቲ ኣብ ትግራይ ዝተፈጠረ ቕልውላው ኣብዞም ክልላት ንክበፅሕ ገይሩ ኣሎ።ሰባት ንክመዛበሉ፣ንክሞቱን ንክጠምዩን ገይሩ ኣሎ።እቲ ቀንዲ ድማ መንእሰይ ትግራይ ኣብ ዘይምልከቶ ኹናት ብምእታው ንክሃልቅ ገይሩን ይገብርን ኣሎ።ሐዚ ድማ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ሓዱሽ ዓመት ንሰላም ተስፋ ገይሩ ኣብ ዝነበረሉ እዋን ሳልሳይ ዙር ኹናት ወሊዑ መንእሰይ ትግራይ ንክሃልቅ ይገብር ኣሎ።

እዚ ራዕዳዊ ሓይሊ ኣብ ልዕሊ እዚ ሰሜን ካብ ዝወሰዶ መጥቃዕቲን ዘካየዶን ጨፍጫፍን ጀሚሩ ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ንፁሃን ዜጋታት እናቐተለ፣ ዜጋታት እናመዛበለ መፂኡ'ዩ።እዚ ኹሉ ተግባር ንህዝቢ ትግራይ ኣይጠቐመን። ከቢድ ኪሳራ ንክበፅሖ፣ንክጠሚ፣ዝሃነፀን ትካላቱ ንክዓንዎ ምኽንያት'ዩ ዝኾነ።ስለዚ ራዕዳዊ ህወሓት መጥቓዕቲ ዝጀመረላ ዕለት ኣብ ህዝቢ ትግራይ ሰብኣዊን ንዋታዊን ኪሳራ ንክበፅሕ ዝገበረት'ያ።ብፍፁም ኣይንርስ ዖን።


እፕድ

# ወጋሕታ

3 ሕዳር 2013 ዓ.ም ተመስሪታ

**ዋና ስራሕ ፈፃሚ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ**

ቁፅሪ ስልኪ - 011-126-42-22

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ፍቃዱ ሞላ

**ኣድራሻ**

የካ ክ/ከ

ወረዳ 14

የቤት ቁጥር 520/20

ኢሜይል - fekadumola@press.et

ስልክ ቁጥር - 011-1-56-98-77

**ኣሰናዳእቲ**

ማዕረግ ገ/ሄር

መሰረት ገ/ዮሃንስ

ሄርሞን ፍቃዱ

ኣብርሃ ሓጎስ

**ዘፈር ልምዓትን ዕዳጋን ፕሮሞሽን**

ኢሜይል - epapromotion@press.et

ስልክ - 011-126-43-41

ፋክስ - 011-811-13-15

**ክፍሊ መቐበሊ ምልሳይ**

ስልክ ቁጥር - 011-156-98-73

ፋክስ - 011-126-58-12

**መተሓባበሪ ምልሳይ ዕዳጋ**

ስልክ - 011-1-26-43-39

**መከፋፈሊ**

ስልክ ቁጥር - 011-157-02-70


# ነፃ ሓሳብ

እዚ ዓምዲ ኣብ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ጉዳያት ዜጋታት ናፃ ሓሳቦም ዝህብሉ እዩ። ኣብዚ ዓምዲ ዝወፅኡ ፅሑፋት ናይ ክፍሊ ምስንዳእ ቅዋም ኣይኮኑን።

## ካብ ሕሲናኻ ዘይኽወል ፍፃመ ዝተፈፀመላ ዕለት

**ተስፋይ በሪሁ**

ራዕዳዊ ህወሓት ኣብ 2010 ዓ.ም ብተቓውሞ ማዕበል ህዝቢ ኢትዮጵያ ህወሓት ካብ ማእኸላይ መንግስትነቱ ተደፊኡ ናብ መቐለ ምስኸደ ስዒቡ ምስ መንግስቲ ፌዴራል ንልዕሊ ክልተ ዓመት ናይ ቓላት ኩናት እናተኻየደ ድሕሪ ምፅነሑ ነገራት ካብ ቓላት ሓሊፎም ናብ ዝኸበደ ኩነታት ክሰጋገሩ ክኢሎም 'ዮም። ነገራት እናተኻረሩ ምስኸዱ ብፍላይ ራዕዳዊ ህወሓት 24 ጥቕምቲ 2013 ዓ.ም ክሕደት ብዝተመልአ ኣብ ልዕሊ እዚ ሰሜን ሃንደበታዊ መጥቓዕቲ ፈፂሙ 'ዩ።

መንግስቲ ኣብ ልዕሊ ሓይልታት ምክልኻል ሃገር ብዝተፈፀመ መጥቃዕቲ ስዒቡ ሕጊ ንምኽባር ኣብ ልዕሊ ሓይልታት ህወሓት ወተሃደራዊ ስጉምቲ ክወስድ ክኢሉ 'ዩ። ቀዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ ኣብ ልዕሊ ሓይልታት ህወሓት ስጉምቲ ኣብ ዝወስደሉ እዋን ኣብ ልዕሊ ንፁሃት ዜጋታት ጉድኣት ከይበፅሕ ብኽምዚ ትእዛዝ ኣመሓላሊፎም ነይሮም።

‹‹ዝኸበርካ ህዝቢ ትግራይ፣ እዚ ገበነኛ ሓይሊ ኣብ መወዳእታ ነቲ ምሳኻ ንኣስታት 20 ኣመታት ኣብ ጎንኻ ኮይኑ እናሓለወካን ከምኡ 'ውን ኣብ ታሕዳስካን ፀገምካን ሓቢሩ ዘሕልፍ ዝነበረ ሓይሊ መከላከሊ ከይሓሰቦ ኣብ ካምፒታት ኣትዩ መጥቃዐቲ ፈንይሉ 'ዩ። እዙይ ክገብር ከሎ ምንም ዓይነት ናይ ሓበሬታ ርክብ ከይህሉ ቴሎፎንን መብራህቲ ኤሌክትሪክን እዉን ክቆርፅ ኪኢሉ 'ዩ።መንግስቲ ናይ ሓይሊ ስጉምቲ ንምትራፍ ዘርአዮ ትዕግስቲ በዙይ ኣረመኔ ሓይሊ እዙይ ክሳኻዕ ኣይከኣለን። ስለ ዝኾነ ድማ መንግስቲ ሕጊ ንምኽባር ክብል ናብ ስጉምቲ ኣትዩ ይርከብ››። ዝብል ነይሩ።ካብዚ ምርዳእ ዝከኣል መንግስቲ ፌደራል ናይ ኹናት ዝኣተው ተገዲዱ ከምዝኾነን ህዝቢ ይጉዳእ ዓብይ ጥንቃቐ ይገብር ከምዝነበረ'ዩ።

ኣብታ ዕለት ብራዕዳዊ ህወሓት ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ምክልኻል ሃገር እዚ ሰሜን ዝተወሰደ ዘስካሕክሕ መጥቃዕቲ ኣብ ታሪክ ኢትዮጵያን ህዝባን ዘይርሳዕ'ዩ።እዚ ድማ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ካብ ጫፍ ስጋብ ጫፍ ንክልዓልን ኣብ ልዕሊ እቲ ራዕዳዊ ጉጅለ ዝውሰድ ዝነበረ ስጉምቲ ንክግድፍን ገይርዎ ከምዝነበረ ይዝከር።

እቲ ኹናት ምስ ገበነኛ ሓይሊን ከም መከላኸሊ ተጠቂሙ ንህዝቢ ትግራይ ኣብ ሓደጋ ዘውድቕ ዘሎ ዝግበር ስለዝነበረ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ሰሙን ናብ ንቲ ራዕዳዊ ሃይል ናይ ቆላታት ተምቤን ክኣቲ ገይርዎ'ዩ።

ኢትዮጵያ ዓዲ ጀጋኑ'ያ። ብለባማት ደቃ ተሓፂራን ዋጋ ኸፊሎም ዘድመቕዋን፣ተቖፂሩ ዘይውዳእ መስዋእትነት ተኸቢራ ዝፀንሐት ሃገር 'ያ።ናይ ርሑቕ እንተዘንገዕናዮ'ኳ ኣብ 24 ጥቅምቲ ግፍዒ ዝተፈፀሞም ጀጋኑና ታሪኽ ፈፂሙ ዝርሳዕ ኣይኮነን። ሎሚ ጠጠው ኢልና ዘለና ኣብ ልዕሊ ኣዕፅምቲ ንዓና ክብሉ ግፍዒ ዝተቐበሉ ጀጋኑና 'ዩ። እዞም ብርቅታት ደቂ ኢትዮጵያ ‹‹ቕድሚ ብፆተይ ኣነ ክቕድም›› ኢሎም ደምም ንመሬት ስግኦም ንኣሞራ ተዘይህቡ ነይሮም ኣብዚ ኣይምበፃሕናን።

ሰራዊት እዚ ሰሜን ዝተዋቐረ ካብ ሓደ ከባቢ ኣይነበረን። ኣምሓራይን ኦሮሞን፣ሲዳማን ወላይታን፣ዓፋርን፣ጉራጌን ሃድያን ካብ ኹሉ ብሄር ተወፃፂኦም ሃገር ንኸድሕን ዝተወደበ ሰራዊት 'ዩ ነይሩ። ሃገረይ ኢሉ ንዒስራ ዓመታት ካብ መረበቱ ተፈልዩ ኣብ ዱር እናሓደረ ዶብ እናሓለወ ፀኒሑ 'ዩ። እቲ ሰራዊት ንክልል ትግራይን ንህዝባን እንትርፊ ሕያውነት ኸፊኡ ኣይፈልጥን። ፀላኢ እንትመፅእ ዝምክት፣ኣብ እዋን ዓፂድ እኽሊ ዝዓፅድ፣ ኣብ ማሕበረሰባዊ ተግባራት ዝሕወስ 'ዩ ነይሩ። ብደሙን ብርሃፁን ዝኸፈሎ ሰናይ ግብሪ ግና ካብ ጉጅለ ራዕዲ ህወሓት ዝተቐበሎ ክሕደት 'ዩ ነይሩ።ንቲ ክኽደቱ ድማ ናይ ኢዱ ረኺቡ'ዩ።

ደም ኣሕዋቱ ብከንቱ ምፍሳሱ ዘሕመሞ ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ብህፁፅ ዓርሱ ኣደራጅዩ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ሰሙን ጉጅለ ራዕዲ ዘዋቐሮ ሓይሊ ናብ በረኻ ክብተን ገይርዎ 'ዩ። ቐንዲ ኣመራርሓ እቲ ጉጅለ መብዛሕትኦም ሒዙ ናብ ሕጊ ኣቕሪቡ 'ዩ። ዝተፈፀሞ ክሕደት ብሕነ ምፍዳይ ዘይኮነስ ብመምርሒ ሕጊ እናፈፀመ ፀኒሑ 'ዩ።

ኣብ ውሽጢ ኲናት ንመምርሒ ተገዚኢ ምኻን ቐሊል ኣይኮነን። ሰራዊት ምክልኻል ኣብ ውሽጢ ክልጸ ዓመት ምስ ጉጅለ ራዕዲ ሓያል ውግኣት እንትገብር ብዙሕ ዋጋ ኸፊሉ 'ዩ። ኣብ ውዕሉኡ ብጅግንነት እናተዋገአ ንሃገሩ ተሰዊኡ 'ዩ። ንሃገርን ንወገንን ዘለዎ ኣጋርነት ብዘረባ ዘይኮነስ ብተግባር ኣርእዩ 'ዩ። ሐዚ 'ውን ሳልሳይ ዙር ኹናት ራዕዳዊ ህወሓት ኣብ ዱርን ገደልን እናተዋደቐን እናመከተን ይርከብ ኣሎ።

ኣብ ዝኾነ ይኹን እዋን፣ ቦታ ይኹን ካልእ 24 ጥቅምቲ 2013 ዓ.ም ዝኾነ ኣይንርስዖን።ጉጅለ ራዕዲ ህወሓት ኮነ ኢሉ ብዝሓንፀፆ ናይ ጥፍኣት ሽርሒ፣ 24 ጥቅምቲ 2013 ዓ.ም ፍርቂ ለይቲ ንልዕሊ 20 ዓመታት ህዝቢ ትግራይ ካብ ፀላኢ እንትሕሉ ዝነበረ፣ ንዝተፀገሙ ተጋሩ ብገንዘብ፣ ጉልበት ዝሕግዝ ዝነበረ፣ ቤት ትምህርቲ፣ ጣቢያ ጥዕናን መገዲን ዘይብሎም መንደራት፣ ብገንዘቡ ጉልበቱ ሰሪሑ ኣስሪሑ፣ ህፃናት ትግራይ ንክመሃሩ፣ ዝሓመሙ ኣብ ቀረበኦም ንክሕከሙን መንደራት ንክራኸቡ ይገብር ንዝነበረ ሰራዊት እዚ ሰሜን ዘጥቐዐሉ ዕለት ስለዝኾነ ኣይርሳዕን።

ሰራዊት ምክልኻል እዚ ሰሜን ሽማግለታትን ዓቕሚ ዘይብሎምን ሓረስቶት ፍሪያቶም ብኣንበጣ ንከይብላዕ ለይቲን ቀትሪን እንትደክም ዝነበረ'ዩ።ኣንበጣ ንኽከላኸል ምስ ህዝቢ ትግራይ እንትፋለምን እንትደክምን ዝወዓለን ኣብ ዝደቀሰሉ፣ ብጉጅለ ግብረ ራዕዲ ብዝተፈፀመሉ ኣሰቃቒ ክሕደት ዝተመልአ ናይ ገፍዒ ስቓይ ኣብ ዝኾነ ይኹን እዋን፣ ቦታ ብዝኾነ ይኹን ኣይንርስዓን።

ስለዚ ኣብ ልዕሊ እዚ ሰሜን ዝተፈፀመ ግፍዓዊ መጥቓዕቲ ስዒቡ ንፁሃን ተጋሩ ንፀገም ዝተቓልዑላ፣ ኢትዮጵያውያን ክቡር ህይወቶምን ዋጋ ክኸፈሉላን ሉኣላውነት ሃገርና ዝተደፈረትላ ዘይትርሳዕ ዕለት ምስ ምኧና ተተሓሒዙ ለብዘበን 'ውን ንመበል ካልኣይ ዓመት ማለት 24 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም ‹‹ኣብ ልዕሊ እዚ ሰሜን ዝተፈፀመ መጥቓዕቲ ኣይርስዖን 'የ›› ብዝብ ቴማ ብዝተፈላለዩ ምድላዋት ሓሳብ ተዘኪሩ ከውዕል 'ዩ።

ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ሐዚ'ውን በቲ ራዕዳዊ ህወሓት ዝተኸፈተ ሳልሳይ ዙር ኹናት ኣብ ምክልኻል ይርከብ።በዚ ናይ ምክልኻል ስጉምቲ ከተማታት ትግራይ ሓራ እናወፅኣ'የን።በዚ ድማ ፀገም ህዝቢ ትግራይ ክቃለለሉ ዝኽእል ዕድል እናተፈጠ'ዩ።ዋላ'ኳ ዘይትርሳዕ ዕለት 24 ጥቅምቲ ሎሚ መዓልቲ ትኹን ኣብ መበል ክልተ ዓመታ ግና ንህዝቢ ትግራይ ፅቡቕ ኩነታት ዝረኽበሉ ዕድል ስለ ዘሎ ህዝቢ ትግራይ ምስ መንግስቲ ክተሓባባር ይግባእ።

# ኣዋናዊ ዛዕባ

# ብስቓይ ህፃናትን መናእሰይን ትግራይ ተኸቢቡ ፤ ህልውንኡ እናረጋገፀ ዘሎ ጉጅለ

**መሰረት ገ/ዮሃንስ**

ራዕዳዊ ህወሓት ብዕለት 24 ጥቅምቲ 2013 ዓ.ም ብግልፂ ቅድሚ ክሕደት ምፍፃሙ፣ ኣቐዲሙ ብዝተፈላለየ መንገዲ ከሪኦም ዝፀንሑ ኣንፈታትን ንመገዲ ጥፍኣት ይዳለዉ ከምዘለዉ ቕድም ኢሎም ዝጠርጠሩ ብዙሓት 'ዮም። እዚ ግብረ ራዕዳዊ ጉጅለ ካብ ዝምስረት ኣትሒዙ ዝመፀሉ ኣመፃፅኣ ዝፍለይ ስለዝነበረን «ኣነ ዝበልክዎ እንድሕር ዘይተፈፂሙ ምንም ነገር ምርኣይ ኣይደልን» ብዝብል ሕማም ተለኺፉ ዝሓዞ መገዲ ጥፍኣት ንከቋርፅ ኣቦታት ሃይማኖት ፣ ሽማግለ ዓዲን ተፈለጥቲ ሰባትን ምእንተ ሰላም ኢሎም ባዕሎም ትሕት ኣቢሎም ለሚኖም'ዮም።ሰላም ኣጥቢቖም ብምድላይ ብዙሕ ደኺሞም 'ዮም። ወታደራዊ መራሕቲ ከይተረፉ ዝሓዞ መገዲ ጥፍኣት ንክገድፍ ኣጥቢቖም ተዛሪቦም 'ዮም።

ኣዴታት ክሳብ መቐለ ብምኻድ ንኢትዮጵያ ሰላም ንኩሉ ደቂ ሰባት ሰላም ክረክብ ለሚነን።"ደቅና ክዓብዩ ሃገር ተረካቢ ክኾኑን ንደሊ ፣ ንሕና ኣዴታት ሰላም ኢና ንደሊ" ክብላ ተማሕፂነን 'የን። መንግስቲ 'ውን ስለ ኣድላይነት ሰላም ብተደጋጋሚ ገሊፁ 'ዩ። ራዕዳዊ ህወሓት ግና ንሰላም ዝተደፈነ እዝኒ ዝተዓደለ ኾይኑ ንኹናትን ጎንፅን ዝተኸፈተ ልቡ ኣሕቢጡ ክሕደት ዕላዊ ገይሩ ኣዊጁ 'ዩ።

ኣብ ትግራይ ዝነበረ እዚ ሰሜን ሰራዊት ምክልኻል ሃገር 'ውን ወጊእናዮ ኢሉ። ዝገበሮ ተግባር ከይሓፈረ ብኹርዓት ተዛሪቡ 'ዩ። ኣብ ሚድያ ብምውፃእ «ምስ ኣባላት ብምትሕብባር ክተሓባበሩ ፍቃደኛታት ዘይኮኑ ድማ ብሓይሊ ተልእኾኦም ንከይዋፅኡ ብምግባር ዝተገበረ ምቅስቃስ 'ዩ ነይሩ፤ብጣዕሚ ፈጣን ዝኾነ ስጉምቲ 'ዩ ተወሲዱ ፣ ብኣርባዓን ሓሙሽተን ደቓይቕ እዚ ሰሜን ምቁፅፃር ተኻኢሉ 'ዩ » ክብሉ ኣብ ሚድያ ተዛሪቡ። እዚ መሕፈሪ ተግባር ዝሰምዑ ኢትዮጵያውያን ብወነ ተላዒሎም ብፍጥነት ኣብ ጎኒ ሰራዊት ምክልኻል ተሰሊፎም 'ዮም። ህዝቢ ደጀን ዝገበረ ሰራዊት ናይቲ ጉጅለ ትዕቢት ኣብ ዓሰርተ ሓሙሽተ መዓልቲ ክትንፍስ ገይርዎ 'ዩ። ካብ መቐለ ወፂኡ ፈቖዶ ጉድጓድ ንምሕባእ ክጓየይ ጀመረ።


ኢትዮጵያውነት ኩሉግዜ ኣይትንኩእኒ ባሃልነት ከምዝኾነ መራሕን ተመራሕን ባንዳን ንምርኣይ ተገዲዱ 'ዩ። ዝሓሰብዎን እናኾነ ዘሎን ግራ ክሳብ ዝኣትዎም ክደናገሩ ተራዮም 'ዮም። ኣብ ኣመራርሓ ህወሓት ቁልፊ ቦታ ዝነበሮም ካብ ጉድጓድ ምውፃእ ተኻኢሉ 'ዩ። ብተግባር ራዕዲ ዝተጠመቐ ህወሓት መንግስቲ ንጥሞና ዝሃቦ ግዜ መሊሱ ንጎንፂ ብምጥቃም ናይ ተኸተልቱ ሕልሚ ንምስኻዕ ኹናት ብሕታዊ መማረፂ ገይሩ 'ዩ። ህዝቢ ንከይሓርስን እፎይታ ንክረክብ ሩፍታ 'ውን ኣይሃበን። ኣብ ትሕቲ ሓንቲ ኢትዮጵያ ብፍቕርን ሓድነት ዝሰርሑ ዜጋታት ብሄር እናፈለየ ሒሳብ ከምዘወራርድ ካብ መራሕቲ ጉጅልኡ ተዛሪቡ 'ዩ። ናይ ጥፍኣት ሓሳብ ካብ ዝትንትነሉ ድምፂ ወያነን ቴሌቪዥን ትግራይን በቢተራ እናወፁ « ድሕሪ ኸዚ ኹናት ተዛዚሙ 'ዩ ድርድር ዝባሃል ነገር የለን ፣ ቅድሚ ኸዚ ታሪኽ ሰሪሕና ኢና ዝኾነ ሓይሊ እንተመፀ ትግራይ መቕበሪት 'ያ፣ ካብ ዝኾነ ኣንፈት ይምፃእ ክንገጥም ኢና፣ ሓይሊ መከላከያ ኢትዮጵያ ኣብዚ ክበፅሕ ኣይኽእልን ቀይሕ መስመር ኣይሓልፍን፣ ኣዲስ ኣበባ ንምእታው ዝኽልክለና ነገር የለን ፣ ፀላእትና ንምስዳድ ክሳብ ፀግዒ ንኸድ ኢና፣ መንግስቲ ኢትዮጵያ ማንም ኣየድሕኖን » ብዝብሉ ፈኸራታት ጃህራን ትዕቢትን ብዝሓዘለ ንግግር ንህዝቢ ትግራይን መናእሰይን እናሰበኹ ፀኒሖም 'ዮም።

ንባንዳ ዘይምግዛእ ብኣብነት ዘርኣዩ ሃገር ፈተውቲ ኢትዮጵያውያን ግና ብባንዴረኦምን ሰራዊት ምክልኻልን እናተመርሑ ኣብ ሰሜን ሸዋ ዝበፅሐ ሃገር ኣፍራሳይ ኣብ ክልተ ሰሙን ኣድኑሽኦም ኣጥፊኦዎም 'ዮም። ዝተረፈ 'ውን እግረይ ኣውፅእኒ ኢሉ ናብ መቐለ ንክሃድም ገይረምዎ 'ዮም። ትማሊ ኣብ ዝተፈላለዩ ሚድያ ወፂኦም እናፎከሩ ዝነበሩን ንሳቶም እናተዳለዉ ፀኒሖም ፣ ነባር ተጋደልቲ ኢና ካባና ንላዕሊ ዝዋጋእ የለን ዝብሉ ዝነበሩ ጀነራላት ፣ ናይ ውግእ ሓደግትን ገበርትን መሃንዲሳት ንሕና ኢና እናበሉ ዝፀንሑ ዝበልዎን ዝሓሰብዎን ካብቲ ሓቂ ክገጥመሎም ኣይካኣለን። ካብ መንግስት ጀሚሩ ቆራፅነት ስለዝነበረ ካብኣቶም ንላዕሊ ብሄር ብሄረሰባት ኢትዮጵያን ሰራዊትን ምስራሕ ከምዝኽእል ብዝግባእ ኣሪኡ 'ዩ።

እዚ ራዕዳዊ ጉጅለ ብተለኣኣኺኡን ኣይዞኻ ባሃልቱን ብታሪኻዊ ፀላእቲ እናበረታትዑ 18 ነሓሰ 2014 ዓ.ም ንሳልሳይ እዋን ኣብ ዝተፈላለዩ ግንባራት ኹናት ኸፊቱ ሃገርና ንምትርማስ ከንቱ ሕልሚ ንምስኻዕ ዓብይ ፃዕሪ ገይሩ 'ዩ።

ኣብዚ ውግእ ብኣሽሓት ዝቑፀሩ ናይቲ ራዕዳዊ ጉጅለ ዕጡቃት ኢዶም ንሰራዊት ምክልኻል ሂቦም 'ዮም። እቲ ራዕዳዊ መንእሰይ ትግራይ ብሓሶት ፕሮፓጋንዳ ከይኣመነሉ ብግዲ ንክዋጋእ እናበረ 'ዩ ክብሉ እቶም ኢዶም ንሰራዊት ምክልኻል ዝሃቡ ዕጡቓት ራዕዳዊ ህወሓት ዝነበሩ ይዛረቡ።

እቶም ኢዶም ንሰራዊት ምክልኻል ዝሃቡ ነበር ዕጡቓት ራዕዳዊ ህወሓት ብዛዕባ ናብ ኹናት ዝኣተውሉ መገዲን ኢድ ዝሃቡሉ ኩነታትን ከምኡ'ውን ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ከመይ ከምተቐበሎም ከምዝስዕብ ገሊፆም ኣለዉ።



ፎቶ፡- ፀሐይ ንጉሣ

ታደሰ ሃይሉ

«ዝተትሓዝኩ ኣብ ግንባር ሰቆጣ 'ዩ። ወያነ ስለ ሰላም ኣይዛረብን ፣ ሰላም ምምፃእ 'ውን ኣይኽእልን ፣ ህዝቢ ትግራይ ክጉዳእ 'ዩ ብምባል ተረጋጊዑ ክሓርስ ኣለዎ ብምባል መንግስቲ ናይ እፎይታ እዋን ንክህሉ ወሲኑ ነይሩ 'ዩ። በዚ ሰዓት ግና ወያነ ከም ፅቡቕ ኣጋጣሚ ብምጥቃም ኣሸኒፉ ደምሲሰ እናበለ ናይ ልቢ ልቢ ተሰሚዕዎ ዘሎዎን ዘይብሉን ሓይሊ ኣሰባሲቡ ንመከላከያ ብድሕሪት ውግእ 'ዩ ኣካይዱ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ንሳቶም ሓደን ሓደን ዝኣምሉ ነገር እንተሃልዩ ብኹናት ጥራሕ ምሸናፍ 'ዩ። እዚ ዝገብርዎ ድማ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ንምውራርን ንባዕሎም ጥቕሚ ስለዝደልዩ 'ዩ። እዞም ጉጅለ ጉድኣት ዘብፅሕዎ ኣነ ከይተዛረብክዎ 'ውን ህዝቢ ኢትዮጵያ ይፈልጦ 'ዩ።

መንግስቲ ዝገበሮ ነገር ፍትሓዊ 'ዩ። ሳልሳይ ኹናት ዝተጀመረ ናብ ነሓሰ ዓሰርተ ሸሞንተ ኸባቢ እቲ ጁንታ 'ዩ ዝጀመሮ። ኣብኡ 'ውን ስለዝነበርና ሓበሬታ ስለዘለና 'ዩ። ናይ ምድርዳር ባህሪ 'ውን የብሉን ፣ ንደራደር ይብል ቀፂሉ ኸቢቡ ይወርር። እቲ ኹናት 'ውን ዝጀመሮ ባዕሉ 'ዩ። መንግስቲ ኢትዮጵያ ንህዝቢ ትግራይ ዘለዎ ሓልዮት ጠንቂቑ ይፈልጥ 'ዩ። ኸዚ ኹናት እናተኻየደ 'ውን ብሰላማዊ መገዲ ንክፍታሕ ድልየቱ 'ዩ። እዚኦም ራዕዳውያን ሰላም ዝባሃል ካብ ባህሪኦምን ደሞምን የለን። ነጋዶታት 'ዮም። ቤተሰቦም ኣብ ወፃኢ ሃገር ኣቐሚጦም፣ ንብረቶም ኣብ ወፃኢ ኣቐሚጦም ድኻታት ደቂ ህዝቢ ትግራይ ምቕላድ ልዕሊ ኣርብዓ ዓመት ልምዲ ስለዘለዎም 'ዩ። ንሰላም ድርድር ይብሉ 'ምበር ቅድሚኡ ዝተፈላላዩ መግለፅታት ይህቡ ነይሮም 'ዮም።

ምድላውና ዛዚምና ድሕሪ ኸዚ ብቕልፅምና ክነወግዶ ኢና፣ፀላእቲ ክነሸንፍ ኢና እናበሉ እናተጎረሩ ነይሮም። ስለዚ ተኹሲ ዝጀመሮ ሓይሊ ፣ ምድላው ዝገበረ ሓይሊ 'ዩ። ተኹሲ ባዕሉ ጀሚሩ ‹ጩግራፍ ባዕላ ወቂዓ ባዕላ ተእውይ›› ከምዝባሃል እንትውቅዑ ድማ ኡ..ኡ.. ይብሉ። ጁንታ ጁንታ 'ዩ። ኹሉግዜ ተኹሲ ዝጅመር ባዕሉ 'ዩ፣ ኢትዮጵያውያን ንህፃናት ፍሉይ ፍቕሪ 'ዩ ዘለና፣ ጁንታ ግና ህፃናት ንሓበሬታ 'ዩ ዝጥቀመሎም። ንምንም ግዲ ከምዘይቡሉ ብድሕሪተይ ዘለዉ ህፃናትን ኣረጋውያንን ምርኣይ እኹል 'ዩ። ህዝቢ ትግራይ ሓፂሩ ንሱ ከም ምሽላ ተኸቢቡ ድሕንቱን ንክሕለወሉ ይገብር ኣሎ።

«ኣስመላሽ ደስታ ይባሃል ፣ ዝመፃኹ ካብ ሰራዊት ዓሰርተ ሰለስተ ፤ ሓላፍነተይ ድማ ሻለቃ ኣመራርሓ ነይረ። ካብ ዓዲሓሰር ጀሚሩ ክሳብ ዓዲዋዕላ ዉግእ ነይሩ። ብ28 መዓልቲ ዓዲዋዕላ ግዳጅ ተዋሂብና ፣ ተጠባበቕቲ ኢና ነይርና ፣ ኣጋጣሚ ከባቢ ሰለስተ ኣርባዕተ ሰዓት ብምዝጋ ዝነበረ ሰራዊት እናፈረሰ ነይሩ። ብዓዲ ቡኩራይ ድማ ብመኪና እናቋረፁ ሪእና ፤ ንላዕለዎት ኣካል ድማ ሪፖርት ገይርና ፤ መጀመርያ ፀገም የብሉን ኢሉም ፀኒሖም ግና እናተኸበብና እንትመፅእ ዉፁ ኢሎምና። ኣብ መወዳእታ ምሳና ምስ ዘሎ ኮሜቴ ተዘራሪብና ህፃናት 'ውን ስለዝነበሩ ካሊእ ነገር ንከይፍጠር ኢልና ኢድና ሂብና። ኣብዚ ምስ መፃኹ ንእሽተይ ግር ዝበለኒ ናይ መከላከያ ፅቡቕ ኣቀባብላ 'ዩ። ንምግናን እንተይኾነ ምንም ዝተብሃልናዮ ነገር የለን።




ኣስመላሽ ደስታ

ክሳብ ኸዚ ብፅቡቕ ኩነታት ኢና ዘለና። ዝንገረና ዝነበረ ፅቡቕ ኣይኮነን። ግና ምንም ነገር ኣይገጠመናን ።

ሽመይ ኣረጋዊ ኣብርሃ ይባሃል፣ ዝመፃኹሉ ክፍለ ሰራዊት ዓሰርተ ሸውዓተ ኮር ሚኢትን ሰብዓን ሰላስተን መፀውዒ ስሙ መትከል ካብ ዝባሃል 'ዩ።ብዛዕባ ኹናት ልምዲ ሃልይኒ እንይኾነስ ኸተት ስለዝተብሃለ 'የ ዝኣተኹ፣ ከባቢ ዓዲ ዋዕላ ካብ እትባሃል 'የ ኢደይ ዝሃብኩ።

ኣመራርሃ ህወሓት ብኣነጋራ ፖለቲካ ልምዲ ዘለዎም'ዮም። ንህዝቢ ትግራይ ድማ በዚ ንግግሮም 'ዮም ኣእሚነምዎ። መንግስቲ ፌደራል ትግራይ ንምግዛእ ኣይኮነን ዝመፅእ ዘሎ ዘርኢ ህዝቢ ትግራይ ንምጥፋእ 'ዩ እናመፀ ዘሎ እናበሉ ነቲ ህዝቢ ንክቃለስ እናገበርዎ ዘለዉ። እዚ ሰሜን እንትወቅዑ ናይ ባዕሉ ደገፍቲ 'ዮም ዝተቀበልዎ 'ምበር እቲ ህዝቢ ኣይተቐበሎን ፤ ሰራዊት ምክልኻል ምሳና ብምኧን ንዓና እናሓለወ ዝነበረ 'ዩ። ኣገልጋሊ ህዝቢ 'ዩ። ግና ህዝቢ ትግራይ ፕሮፖጋንዳ ሓሶት ንክኣምኑ እናገበሩ 'ዮም። እንድሕር ተቓሊስካ ዕድል ስራሕ ክትረክብ ኢኻ፣ ንስኻ ጀግና ኢኻ እናተብሃለ እቲ መንእሰይ መጥቀሚ እቶም ኣመራርሓ እናኾነ 'ዩ።



መምህር ኣረጋዊ ኣብርሃ



ኣሮን ሙሉጌታ

«ካብ ኣክሱም 'የ መፂአ፣ ዓፊኖም 'ዮም ወሲዶምኒ፣ ወለደይ ኣይንህብን ትሕቲ ዕድመ 'ዩ እንትብሉ ኣሲረምዎም። ንዕኦም ንምፍትሕ ማሰልጠኛ ኣትየ፣ ካብ ማሰልጠኛ ጠፊአ መፂአ። ቀፂሉ ንመከላከያ ኢደይ ሂበ። ከማይ ኣብ ትግራይ ዘለዉ ድማ ናብ ውግእ ከይኣትዉ፣ እንተኣተዉ 'ውን ከማይ ጠፊኦም ንመከላከያ ኢዶም ንክህቡ ይመክር።

«ሽመይ ኣማኑኤል ይባሃል ፣ ካብ መሰልጠኒ 'የ ኣምሊጠ መፂአ ፣ እንተምልጥ ኣደይ ኣሲረምዋ ንዓኣ ከፍትሕ ኢለ ተመሊሰ ናብ መሰልጠኒ ኣትየ ፣ ኣደይ ምስ ፈትሕዋ ንኻልኣይ እዋን ኣምሊጠ ቅርሺ ካብ ኣደይ ተቐቢለ ናብ ኣላማጣ መፂአ።ኣብዚ ኹናት ካብ መጀመሪኡ ኣይተቐበልዎን፣ ምስ መን 'የ ዝዋጋእ?፣ ዝብል ሕቶ ይፈጥረለይ ነይሩ። ዝተዛመድና ህዝብታት ኢና ከመይ ገይረ 'የ ምስ ሓወይ ዝዋጋእ? እዚ ናተይ ጥራሕ ሕቶ ኣይኮነን ናይ ኣብዝሓ ሕቶ መናእሰይ ትግራይ 'ዩ። መንእሰይ ትግራይ ኣብ ስቃይ 'ዩ ዘሎ። ብግዲ ውፁ እናተብሃለ ወለዶም ይእሰሩ ፤ እቲ መንእሰይ ግዲ ኾይንዎ 'ምበር እቲ ስርዓት ኣይተቀበሎን።



ኣማኑኤል

«ሽመይ ሓኔታ ኣበራ ይባሃል ፣ ካብ ሽረ እንዳስላሰ ዜሮ ኣርባዕተ 'የ መፂአ ፣ ብግዲ ኢና እንወፅእ፤እንድሕር ዘይወፂና ኣዴናን ኣቦናን ይእሰሩ ፣ ንከይእሰሩ ድማ ንወፅእ፡፡ ንዓይ ኣብዚ ይሕሸኒ ፡፡ መከላከያ ከም ዝባሃሎ ኣይኮነን ፤ ብፅቡቕ እዮም ተቀቢሎምና፣ ካልኦት ሰራዊት ትግራይ ድማ ኢዶም ክህቡ ይመክር፡፡



ሓኔታ ኣበራ

ንፁሃን መናእሰይ ትግራይ ናብ ሓዊ እናእተወ ምውታንን ቁስላትን ንክኾኑ ዝገበረ እዚ ጉጅለ ሎሚ መዓልቱ እናፀልመተ ናይ ህዝቢ ትግራይ ድማ ብርሃን እናመፀሉ ከምዝኾነ ምልክታት እናበዝሑ 'ዮም፡፡ መከላከያ ሰራዊት ናይ ወገኑ ሓገዝ ከይተፈለዮ ብፍቕርን ሓልዮትን ኣብ ሕቑፉኦም ኮይኑ ተልእኾኡ እንትፍፅም ኣብ ዝተፈላለዩ ግንባራት ኢዶም ዝህቡ ናይቲ ራዕዳዊ ጉጅለ ዕጡቃት እናተንከባኸበ ህዝባዊነት ብዝሓለወ መልክዑ ንቕድሚት ምስጓሙ ቐፂሉ ኣሎ፡፡

# ዕዱም ጋሻ

# ‹‹ህዝቢ ትግራይ ብናይ ሓሶት ፖለቲካዊ ጉጅለ ህወሓት ክዳናገር የብሉን››

**- ኣይተ ሙሉብርሃን ሃይለ**

መኣርግ ገ/ሄር



**ኣይተ ሙሉብርሃን ሃይለ ሓላፊ ርክብ ህዝብን መንግስትን ትግራይ ዲሞክራቲክ ፓርቲ(ትዴፓ) 'ዮም፤ ኣይተ ሙሉብርሃን፣ ህዝቢ ትግራይ ምስ ካልኦት ህዝቢታት ኢትዮጵያ ኮይኑ ሰላም፣ ልምዓት፣ ዲሞክራሲን መዓርነትን ንምስፋን ኢሉ ዘሕለፎ መሪር ተጋድሎን ከምኡ 'ውን ብኣሻሓት ዝቑፀሩ ደቑ መስዋእቲ ከፊሉ ዘምፀኦ ዓወት ንረብሓን መናውሒን ዕድመ ስልጣን ውሱናት መራሕቲ ጉጅለ ህወሓት ኮይኑ 'ዩ፤ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብፍላይ ድማ ህዝቢ ትግራይ ኣዝዩ ተጎዲኡ 'ዩ ብምባል ኣንፃር ጉጅለ ህወሓት እናተቓለሱ ይርከቡ። ኣይተ ሙሉብርሃን ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ኣብ ተፈላለዩ ሚድያታት እናቐረቡ ብሓሳብ ኣንፃር ህወሓት ዝሙጉቱን ሓበሬታ ዝህቡን ፖለቲከኛ 'ዮም። እንበኣርከስ ክቡራት መንበብቲ ጋዜጣ ወጋሕታ ኣብ እዋናዊ ፖለቲካዊ ኩነታት ሃገርና ኣድሂብና ምስ ኣይተ ሙሉብርሃን ሃይለ ዝገበርናዮ ፃኒሕት ከም ዘስዕብ ኣዳሊውናልኩም ኣለና።ሰናይ ንባብ።**

**ወጋሕታ፡- ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ሃገርና ዝነብሩ ተጋሩ ኣብ ዝሓለፉ ሰሙናት ብመልክዕ ሰላማዊ ሰልፍን ኣኼባን ንራዕዳዊ ጉጅለ ህወሓት እናኾነንዎ ነይሮም 'ዮም፤ ኣብዚ እንታይ ርኢቶ ኣለዎም?**

**ኣይተ ሙሉብርሃን፡-** ከም ዝበልካዮ ኣብዝሓለፉ ሰሙናት ኣብ ተፈላለየ ክፋል ሃገርና ዝነብሩ ተጋሩ ኣኼባታትን ሰላማዊ ሰልፊን ብምግባር ነቲ ተግባር ራዕዳዊ ጉጅለ ህወሓት እናኾነኑ ቖንዮም 'ዮም። ብፍላይ ህዝቢ ትግራይ ካብቲ ኣትይዎ ዘሎ ፀገም ንምውፃእ ቐሊል ዘይበሃል ምንቅስቓሳት እናገበሩ መፂኦም 'ዮም። እዚ ዋላ ዘንጊዑ ይጀመር ብጣዕሚ ዝበራታትዕ ተግባር 'ዩ። ይኹን 'ምበር እዚ እኹል ስለ ዘይኮነ ቐፃልነት ክህልዎ ኣለዎ።

ካብ ትግራይ ወፃኢ ብዙሕ ተወላዲ ትግራይ ኣለዉ 'ዮም። እዚኦም ብሰንኪ ራዕዳዊ ህወሓት ዝተፈላለዩ ፀገማት እናበፅህዎ መፂኦም 'ዮም። ብፍላይ ብሰንኪ እቲ ጉጅለ ኢትዮጵያዊ መንነቱ ኣብ ሕቶ ምልክት ክኣቱ እናተገበረ መፂኡ 'ዩ። ምስ እዚ ተተሓሒዙ ክሽፍሎም ዘይግብኡ ዋጋታት እናኸፈለ መፂኡ 'ዩ። ኣብ ንብረቱን ሂወቱን ዝተፈላለዩ ጉድኣታት እናበፅሖ መፂኡ 'ዩ። እዚ ድማ ጉጅለ ህወሓት ሃገር ንምፍራስ ብዝገበሮ ስዒቡ ዝመፀ 'ዩ። ህዝቢ ትግራይ ዋጋ ዝኸፍል ዘሎ ብሰንኪ እቲ ጉጅለ ስለ ዝኾነ በርቲዑ ክቃወሞ ኣለዎ። ራዕዳዊ ጉጅለ ህወሓት ንህዝቢ ትግራይ ሃገሩ ኢትዮጵያ ብናፃናት ከይነብረላ እናገበረ መፂኡ 'ዩ። ህዝቢ ትግራይ ብናይ ሓሶት ፖለቲካ ጉጅለ ህወሓት ክዳናገር የብሉን። እዚ ሓይሊ እዚ ንህዝቢ ትግራይ እናዳናገረ መፂኡ 'ዩ። በዚ ምኽንያት ዋጋ እናኸፈለ 'ውን መፂኡ 'ዩ።

ህዝቢ ትግራይ ብሰንኪ እቲ ጉጅለ ዝኸፍሎ መስዋእቲ ከብቕዕ ኣለዎ። እቲ ብሰላማዊ ሰልፍን ኣኼባታትን ዝጀመሮ ናይ ምኹናን ተግባር ተጣናኺሩ ክቕፅል ኣለዎ። ብንቕሓት ኣጣናኪሩ ክቕፅለሉ 'ምበር ንደሓር ክብል የብሉን። ትግራዋይ ፀላእቱ ብምፍላጥ ኣብ ጎኒ መንግስቲ ጠጠው ክብል ኣለዎ። ህልውንኡ ንምውሓስ ተወዲቡን ነቒሑን ብምቕላስ ሃገርና ዝጀመረቶ ለውጢ ንቕድሚት ክቕፅል ኣለዎ። ንዕኡ ክምጥን ዝኽእል መድረኻት ብምድላው ክቕፅለሉ ይግባእ ክሳብ ሕዚ ዝገብሮ ዘሎ ምንቅስቓስ ከበራታታዕ ዝግበኦ ተግባር 'ዩ።

**ወጋሕታ፡- መንግስቲ ፌዴራል ሓራ ኣብ ዘውፀኦን ከባቢታት ትግራይ መሰረታዊ ግልጋሎትን ሰብኣዊ ሓገዛትን ንምቕራብ ድልዊ ምዃኑ ገሊፁ 'ዩ፤ ኣብዚ እንታይ ርኢቶ ኣለዎም?**

**ኣይተ ሙሉብርሃን፡-** መንግስቲ ሓራ ኣብዘውፀኦን ከተማታት ትግራይ መሰረታዊ ግልጋሎትን ሰብኣዊ ሓገዛትን ንምቕራብ ምድላዉ ዝበራታታዕ ተግባር 'ዩ። ህዝቢ ትግራይ ክሳብ ሕዚ ኣብ ትሕቲ ራዕዳዊ ጉጅለ ህወሓት ብምፅንሑ ተጎዲኡ 'ዩ። እቲ ሓይሊ ብዝወለዖ ኩናት ምኽንያት ትግራይ ተጎዲኣ 'ያ። እቲ ህዝቢ ኣብ ከቢድ ፀገም 'ዩ ዘሎ። ብዙሕ ፀገማት ዝበፅሖ ክልል 'ዩ። መንግስቲ ኣብዚ ብቐልጡፍ ረዳእታ ከቕርብ ኣለዎ። እቲ ረዳእታ ናብቲ ዝተፀገመ ህዝቢ ቐልጢፉ ክበፅሕ ኣለዎ። ዝፈረሰ መሰረተ ልምዓት ናብ ንቡሩ ክምለስ ፃዕሪ የድሊ 'ዩ። በተለይ ዝተረጋገፀ ህዝቢ ክኸውን ብፖለቲካውን ወታደራውን ዝተደገፈ ክኸውን ኣለዎ።

ናይ ቕድሚ ሕዚ ዝነበሩ ጉድለታት ከይድገሙ ፖለቲካዊ ስራሕቲ ክስርሑ ኣለዎም። ጉጅለ ህወሓት ኣብ ህዝቢ ፈጢርዎ ዝነበረ ፖለቲካዊ ምድንጋር ክፀሪ ክኽእል ኣለዎ። ህዝቢ ትግራይ ክሳብ ሕዚ ኣብ ትሕቲ ጉጅለ ህወሓት ተጨቒኑ ከምዝነበረ ክፍለጥ ኣለዎ። ኣብ ህዝቢ ትግራይ ዘሎ ፀገም ከብቕዕ መንግስቲ መሰረታዊ ነገራት ኣብ ምቕራብ በርቲዑ ክሰርሕ ኣለዎ። ኣድላይ ዝበሃል ነገራት ቐልጢፉ ክስራሕ ኣለዎ። መሰረታዊ ግልጋሎታት ብቕልጡፍ ክኽፈተሉ ኣለዎ። መንገዲ 'ውን ክኽፈት ኣለዎ፤ ብፍላይ ድማ ክሕግዙ ዝኽሉ ገበርቲ ሰናይ ክሳተፉ መንግስቲ ጠንኪሩ ክሰርሕ ኣለዎ። ኣብዚ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብዝግባእ ክተሓባበር ኣለዎ። ሓገዝ ንምብፃሕ ኣብ ጎኒ መንግስቲ ኮይኑ ክረባረብ ኣለዎ። ብፍላይ ኣብተን ሓራ ዝወፃ ከባቢታት ሰፊሕ ስራሕቲ ክስርሑ ኣለዎም።

ራዕዳዊ ህወሓት ንህዝቢ ትግራይ ኣማራፂ ብምስኣን ዓፊኑ ጨቒኑ ሒዝዎ ፀኒሑ 'ዩ። መንግስቲ ፌዴራል ዝሓሸ መንግስቲ ምዃኑ ብተግባር ኣብ መሬት ወሪዱ ሰሪሑ ክርኢ ኣለዎ። ከምኡ 'ውን ህዝቢ በዓል ዋና ስለ ዝኾነ ምስ ህዝቢ ክሰርሕ ኣለዎ። ህዝቢ ሒዝካ ኢኻ ክትዕወት እትኽእል። ህዝቢ ናቲ ለውጢ በዓል ዋና ኮይኑ ክሰርሕ መንግስቲ በርቲዑ ክሰርሕ ኣለዎ። ጉጅለ ህወሓት ደጊሙ ንህዝቢ ዋጋ ከየኽፍሎ ብዝግባእ ክስረሐሉ ኣለዎ። ህዝቢ ትግራይ ተግባር ጉጅለ ህወሓት ብዝግባእ ንኽፈልጦ ክስራሕ ኣለዎ።

እቲ ጉጅለ ኣብ ህዝቢ ብዙሕ መከራን ስቓይን ዘብፀሐ ሓይሊ 'ዩ። ስለዚ ህዝቢ ኣብ ምንቓሕን ምውዳብን ብዝግባእ ምስራሕ የድሊ። እቲ ጉጅለ ንናይ በዓሉ ረብሓ ክብል ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ፖለቲካዊን ማሕበራዉዊን ከቢድ ክሳራ ኣብፂሑ 'ዩ። ኣብ ህዝቢ ትግራይ ዝፈጠሮ ፀገም ክምጥን ዝግባእ ነገር ክስራሕ ኣለዎ፤ እቲ ናይ ለውጢ መንግስቲ ምስ ህዝቢ ከይራኸብ እናሰርሐ መፂኡ 'ዩ። ሕዚ 'ውን እዚ ከይድገም ብጥንቓቐ ክስራሕ ኣለዎ። ህዝቢ ትግራይ መሊኡ ናብ ሰላም ዝመፀሉ ሃዋህው ክፍጠር ኣለዎ።

**ወጋሕታ፡- እቲ ሕዚ ራዕዳዊ ጉጅለ ህወሓት ንመበል ሳልሳይ ዝወለዖ ኩናት ኣብ ህዝቢ ትግራይ ዘብፀሖ ፅልዋ ከመይ ይገልፅዎ?**

**ኣይተ ሙሉብርሃን፡-** ከም ዝፍለጥ እቲ ዝካየድ ዘሎ ኩናት ኣብ መንጎ ደላዪ ለውጥን ለውጢ ዘይደልን ኣካል 'ዩ። መሪሕነት ህወሓት ህዝቢ ትግራይ ናይቲ ለውጢ ተጠቃሚ ከይኸውን ገይርዎ 'ዩ። ቐዳማይ፣ ካልኣይ ከምኡ 'ውን ሳልሳይ ኩናት እናበለ ህዝቢ ትግራይ ክጉዳእ ገይርዎ 'ዩ። ህዝቢ ብማዕበል ክኸትት ብምግባር ብዙሕ ክሳራ ክበፅሖ ገይሩ 'ዩ። ዝኣመነን ዘይኣመነን ህዝቢ ብሓይሊ ክኸትት ብምግባር ብዙሕ ዋጋ ኣኽፊሉዎ 'ዩ። እቲ ውግእ ኣንፃር ተጋሩ ከምዝኾነ ገይሩ ንህዝቢ ሰቢኹ 'ዩ፤ እናሰበኸ 'ውን ይርከብ።

ህዝቢ ትግራይ እቲ ውግእ ኣብ መንጎ መራሕቲ ህወሓትን መንግስቲ ኢትዮጵያን ምዃኑ ክፈልጥ ኣለዎ። እቲ ጉጅለ እቲ ውግእ ኣንፃር ተጋሩ ገይሩ 'ዩ ንህዝቢ ዝነግር ዘሎ። እዚ ኮነ ኢሉ ንናይ በዓሉ ረብሓ ዝገብሮ ዘሎ ምንቅስቓስ 'ዩ። መንግስቲ ምስ ህዝቢ ትግራይ ፀገም የብሉን።

በዚ ኩናት እዚ እቲ ጉጅለ ህዝቢ ትግራይ ብዙሕ ክጉዳእ ገይሩ 'ዩ፤ብፖለቲካዊ፣ ብኢኮኖሚያዊን ብማሕበራውን ክጉዳእ ገይሩ 'ዩ። ዝተገብረ ኩናት ብጣዕሚ ከቢድ ስለ ዝኾነ ኣብ ህዝቢ ትግራይ ቐሊል ዘይበሃል ፅልዋ ኣሕዲሩ 'ዩ። መፃኢ ተስፋ ህዝቢ ትግራይ ኣፀልሚቱ 'ዩ፤ ስነ ልቦንኡ ተጎዲኡ 'ዩ፤ ነዚ ክምጥኑ ዝኽእሉ ናይ ስነ ልቦና ሙሁራት ብምእታው ክሰርሑ ኣለዎም። እቲ ዝነበረ ማሕበራዊ እሴት ተጋሩ ብሰንኪ እቲ ጉጅለ ኣብ ፅቡቕ ኩነታት ኣይኮነን ዘሎ። ሙሁራት ኢትዮጵያውያን ነዚ ክምጥን ዝኽእል ምስ ታሪኽ እናተሓሓዙ ክሰርሑ ኣለዎም። ምስ ፖለቲካዊ ኩነታት እናረኣኻ፤ ምትዕርራያት ክግበር ኣለዎ።

እቲ ጎንፂ ኣንፃር ተጋሩ ከም ዘይኮነ፤ እዚ ኩሉ ተኸፊሉ ዘሎ መስዋእቲ ከምቲ ጉጅለ ህወሓት ዝብሎ ዘይኮነስ ንህዝቢ ሓራ ንምውፃእ ተባሂሉ ከምዝኾ ክንገር ኣለዎ። መንግስቲ ንህዝቢ ትግራይ ከጥቕዕ ኢሉ እንተይኮነስ ንህዝቢ ትግራይ ካብ ጭቆና ንምልቓቕ ከምዝኾነ ክፍለጥ ኣለዎ።

ቐሊል ዘይበሃል ሕብረተሰብ ትግራይ ብራዕዳዊ ጉጅለ ህወሓት ተደናጊሩ 'ዩ። እዚ ዝስተኻኸለሉ ኩነታት ክፍጠር ኣለዎ። ነዚ ምድንጋር እዚ ክምጥን ዝኽእል ስራሕ ክስራሕ ኣለዎ፤ እቲ ውግእ ምስ ትግራዋይ ኣይኮነን፤ ከምዝፍለጥ ህዝቢ ትግራይ ዝውጋእ ወይ ዝብደል ህዝቢ ኣይኮነን፤ ሰላም ዝደሊ ህዝቢ 'ዩ፤ ሰሪሑ ክልወጥ ዝደሊ ድኻ ህዝቢ 'ዩ፤ ኣብ መዓርነት ዝተመስረተ ሓድነት ዝኣምን ህዝቢ 'ዩ። ነዚ ህዝቢ እዚ ድማ ክትሕግዞን ከትድግፎን 'ምበር እትወግኣሉ ምኽንያት የለን። ክወግኦ ዝደሊ ሓይሊ 'ውን የለን። ክብደል ዝገብር ዘሎ ኣተሓሳስባ መሪሕነት ህወሓት 'ዩ።

ብመንግስቲ ወታደራዊ ስራሕ ይካየድ ኣሎ 'ዩ፤ ግን ወታደራዊ ጥራሕ እኹል ኣይኮነን፤ ፖለቲካዊ፣ ማሕበራዊን ኢኮኖሚያዊን ስራሕ 'ውን ክስራሕ ኣለዎ። እዚኦም ኩሎም ተናቢቦም ክኸዱ ኣለዎም። ናይ ስነ ልቦና ሰባት ክኣትዉ ኣለዎም፤ ምኽንያቱ ክልተ ሰለስተ ደቓ ዝወደአት ኣዶ ኣላ 'ያ። ኣካሉ ዝጎደለን ካልኦት ብዙሓት ፀገማትን ኣለዉ 'ዮም። ስለዚ ህዝቢ ናብዚ ፀገም እዚ ዘእተዎ ክሳብ ብዝግባእ ነቒሑ ዝርደኦ ብዙሕ ስራሕ ምስራሕ የድሊ 'ዩ። እቲ ዝኣቱ ዘሎ ሰራዊት ንህዝቢ ትግራይ ካብ ፀገም ከውሕስ 'ምበር ካሊእ ኣይኮነን። ጉጅለ ህወሓት ከምዝብሎ ኣይኮነን። መሪሕነት ጉጅለ ህወሓት ንኣተሓሳስባ ህዝቢ ትግራይ ዓጊትዎ ፀኒሑ 'ዩ። ኣብዚ ጉዳይ እዚ ራዕዳዊ ጉጅለ ህወሓት ፀላኢ ህዝቢ ትግራይ ምዃኑ ብሰፊሑ ክስራሕ ኣለዎ።

**ወጋሕታ፡- ከተማታት ትግራይ ብመንግስቲ ፌዴራል ሓራ እናወፃ 'የን ዝርከባ፤ እዚ ንህዝቢ ትግራይ እንታይ ትርጉም ወይ ረብሓ ኣለዎ ይብሉ?**

**ኣይተ ሙሉብርሃን፡-** ከተማታት ትግራይ ካብ ራዕዳዊ ጉጅለ ህወሓት ናፃ ምውፀኣን ዓብዩ ረብሓ ኣለዎ፤ ግና ሓራ ምውፃእ ጥራሕ እንተይኮነስ ኣብቲ ባይታ ክስራሕ ዝግበኦ ነገር ክስራሕ ክኽእል ኣለዎ። መንግስቲ ካብቲ ንዒስራን ሸውዓተን ዓመት ህዝቢ ትግራይ ኣብ ትሕቲ ጉጅለ ህወሓት ካብ ዝነበሮ ኩነታት መነባብሮ ዝሓሸ ኮይኑ ክርከብ ኣለዎ። ሰላም፣ ፍትሒ፣ ማዕርነት፣ ዲሞክራሲ ክስፍንሉ ኣለዎ። ከምዚ እንተኾይኑ ንህዝቢ



# ዕዱም ጋሻ



ትግራይ ዓብዩ ለውጢ 'ዩ ። ከምዚ እንተኾይኑ ህዝቢ ምስ መንግስቲ ዘይኾነሉ ኩነታት የለን፤ ዋላ እቶም ኣካል ጉጅለ ህወሓት 'ውን ካብ ህወሓት ተነፂሎም ናብ መንግስቲ ክመፁ ይኽእሉ 'ዮም። በዚ ምኽንያት ጉጅለ ህወሓት በይኑ ክተርፍ ይኽእል 'ዩ። ብፍላይ ህዝቢ ትግራይ ሰላሙ ውሑስ እንተኾይኑ፤ ሰላሙ እንተተረጋጊፁሉ ህወሓት ዘይፈርሰሉ ኩነታት ኣይህሉን። መንግስቲ ንህዝቢ ብዝግባእ እንተሒዙ 'ዩ ጉጅለ ህወሓት ክጠፍእ ዝኽእል። ኣብዚ ብዝግባእ ክስራሕ ኣለዎ።

ራዕዳዊ ህወሓት ዕድሚኡ ዘናውሕ ዘሎ ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ኮይኑ ንህዝቢ ብምድንጋር 'ዩ። ስለዚ ካብ ውሽጢ ህዝቢ ክንፀል ኣለዎ። እዚ ጉጅለ እዚ ብውግእ መንእሰይ ትግራይ ከውዳእ ገይሩ 'ዩ። ንህዝቢ እናታለለን እናፈራረሐን 'ዩ ናብ ኩናት ዘእትዎ ዘሎ። ብኸምዚ ህዝቢ ትግራይ ደቑ ክስእን ዝገብር ዘሎ ሓይሊ 'ዩ። መንግስቲ ንመራሒቲ ጉጅለ ህወሓት ሕጋዊ ስጉምቲ እናወሰደ ህዝቢ ኣብ ጎኑ እናሰለፈ እንተኸይዱ ህዝቢ ትግራይ ሙሉእ ብሙሉእ ናፃ ክወፅእ ይኽእል 'ዩ።

መንግስቲ ብፍላይ እተን ተቐፃፂርዎን ዘሎ ቦታታት ብዝግባእ እንተረጋጊፅዎን፤ ዘድሊ ነገራት እንተቕሪቡ፤ ነቲ ህዝቢ ካብ ኣተሓሳስባ ራዕዳዊ ህወሓት ናፃ እንተውፂእዎ ፀገም ህዝቢ ትግራይ ክፍታሕ ይኽእል 'ዩ። ከምዝፍለጥ ትግራይ ቕድሚ ሕዚ ተታሒዛ ነይራ 'ያ፤ ኮይኑ ግና ክስርሑ ዝግበኦም ነገራት ብዘይ ምስርሖም ህዝቢ ትግራይ ናብ ካልኣይ ፀገም ክኣቱ ክኢሉ 'ዩ። እቲ ናይ ለውጢ ሓይሊ ኣብ ልቢ ህዝቢ ክኣቱ ኣለዎ። ራዕዳዊ ጉጅለ ህወሓት እቲ ዝመፀ ለውጢ ናብ ህዝቢ ከይኣቱ ተንጠልጢሉ ክተርፍ ገይሩ 'ዩ።

መንግስቲ ህዝቢ ክሕዝ ክኽእል ኣለዎ፤ ህዝቢ እንተዘይሒዙ ውፅኢታዊ ክኸውን ኣይኽእልን። ናይ ኩሉ መሰረት ህዝቢ ስለ ዝኾነ ንህዝቢ ምሓዝ የድሊ። ናይ ሃገር በዓል ዋና ህዝቢ ስለ ዝኾነ ምስ ህዝቢ ተቐራሪብካ ምስራሕ ኣድላይ 'ዩ። ህዝቢ ትግራይ ድማ መሊኡ ሓራ ምእንቲ ክወፅእ ሓጋዚ ክኸውን ኣለዎ።

ህዝቢ ትግራይ ካብ ዝሓለፉ መከራታት ተረዲኡ ናብ ዝሓሸ መነባብሮ ንኽመፅእ ምስ መንግስቲ ኮይኑ ክሰርሕ ኣለዎ። ህዝቢ ናፃ ኮይኑ ከይፈርሐ ነቒሑ ኣብ ጎኒ መንግስቲ ኮይኑ እቲ ራዕዳዊ ጉጅለ ተመሊሱ ከይመፅእ ክሰርሕ ኣለዎ። ህዝቢ ትግራይ ምስ ምክልኻል ሰራዊት ሃገር ብምዃን ጠቕሊሉ ሓራ ክወፅእ ክሰርሕ ኣለዎ። እዚ ዕድል እዚ ከምልጠሉ የብሉን።

**ወጋሕታ፡- ብሓፂሩ ህዝቢ ትግራይ ካብቲ ገጢምዎ ዘሎ ፀገም ንኽወፅእ እንታይ ክገብር ኣለዎ ይብሉ?**

**ኣይተ ሙሉብርሃን፡-** መሪሕነት ህወሓት ብናይ ሓሶት ፕሮፖጋንዳ ንህዝቢ ትግራይ ብዙሕ ዕድላት ኣምኪንሉ 'ዩ። ህዝቢ ትግራይ ክኸፍሎ ዘይግባእ ዋጋ ብሰንኪ ጉጅለ ህወሓት ክኸፍል ክኢሉ 'ዩ። ሕዚ 'ውን ህዝቢ ትግራይ እቲ ሕዚ ተረኺቡዎ ዝነሀ ዕድል ከየምልጦ ነቒሑ ክሕልዎ ኣለዎ፤ ኣብ ጎኒ መንግስቲ ክኸውን ኣለዎ። ነቲ ናይ ጉጅለ ህወሓት ተንኮልን ስራሕን ከይፈርሐ እናቓለዐ ኣብ ጎኒ መንግስቱ ደው ብምባል ሰላሙ ከውሕስ ኣለዎ። ሓጋዛይ ክኸውን ኣለዎ። ህዝቢ ትግራይ ኣንፃር ረብሕኡ ክስለፍ የብሉን።

ከምዝፍለጥ ጉጅለ ህወሓት ንህዝቢ ትግራይ ጨቚኑ ብምሓዝ በዝቢዝዎ 'ዩ። ብዙሕ ጉድኣት ክበፅሖ ገይርዎ 'ዩ። ህዝቢ ትግራይ ሰሪሑ ዝበልፅ ዝነበረ ናብ ከቢድ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ቑልውላው ክወድቕ ገይርዎ 'ዩ። ንህዝቢ ብምትላል ኣንፃር ረብሕኡ ክስለፍ ብምግባር መከርኡን ፀገሙን ክናዋሕ ገይርዎ 'ዩ። ስለዚ ህዝቢ ትግራይ ነቲ ሓቂ ተረዲኡ ንረብሕኡ ጠጠው ክብል ኣለዎ። ዕድመ ስልጣን መራሕቲ ህወሓት ንምንዋሕ እንተይኮነስ ንናይ በዓሉ ረብሓ ጥራሕ ክስለፍ ኣለዎ።

እዚ ተረኺቡ ዝነሀ ዕድል መንግስትን ህዝቢ ትግራይን ከምኡ 'ውን ኩሉ ዝምልከተቶ ኣካል ተጠንቒቑ ክሕዞ ኣለዎ፤ ዝኸፈል መስዋእቲ እንተሃለዩ 'ውን ክኽፈል ኣለዎ። ምኽንያቱ ራዕዳዊ ጉጅለ ህወሓት ዘይምሃር ውድብ 'ዩ። ሕዚ 'ውን ህዝቢ ብምትላል ደጊሙ ምፍታኑ ኣይቀርይን 'ዩ። ብፍላይ ናብ ጉሬላ ፋይተር ክቕየር ይኽእል 'ዩ። ኣብ ህዝቢ ተቐሪቕሩ እናተኮሰ ካሊእ መዓት ከምፅኣሉ ይኽእል 'ዩ። ህዝቢ እንተነቒሑ ግና ካብ ህዝቢ ዝስወር ነገር ስለ ዘየለ ዋላ ሓንቲ ዝገብሮ ነገር የለን። ህዝቢ በዓሉ ክቓለዖ ኣለዎ። ክሓብኦም የብሉን፤ ምኽንያቱ ቕድሚ ሕዚ ነዐኦም ብምሕብኡ 'ዩ መከርኡ ኣናዊሑ። ህዝቢ ትግራይ ኩናት ስለ ዘየድልዮ ንመንግስቲ ሓጋዛይ ክኸውን ኣለዎ፤ ደጊሙ ክታለል የብሉን፤ ህዝቢ ሒዙ ናብ ፍርዲ ክቕርቦም ኣለዎ። መንግስቲ 'ውን ዕላምኡ ናብ ፍርዲ ምቕራብ 'ምበር ካሊእ ዕላማ የብሉን።

**ወጋሕታ፡- ንዝነበረና ፃኒሕት ኣዚና ነመስግን።**

**ኣይተ ሙሉብርሃን፡-** ኣነ 'ውን ሓሳበይ ንምግላፅ ስለ ዝጋበዝኩምኒ ኣዝየ ኣመስግን።

# ‹‹ጉጅለ ህወሓት ስቓይን መከራን ህዝቢ ትግራይ ከም ሓፅር ብምጥቃም ዕድምኡ እናንወሐ'ዩ››

## - ኢዶም ንሰራዊት ምክልኻል ዝሃቡ ዕጡቃት እቲ ጉጅለ

**መሰረት ገ/ዮሃንስ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ጉጅለ ራዕዳዊ ህወሓት ስቓይን መከራን ህዝቢ ትግራይ ከም ሓፅር ብምጥቃም ዕድምኡ እናንወሐ 'ዩ ክብሉ ኢዶም ንሰራዊት ምክልኻል ዝሃቡ ዕጡቃት እቲ ጉጅለ ገሊፆም።

ኢዶም ንሰራዊት ምክልኻል ካብ ዝሃቡ ብኣሽሓት ዝቑፀሩ ናይቲ ጉጅለ ዕጡቃት ሓደ ሓደ ንትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ከምዝገለፅዎ ፣ ራዕዳዊ ህወሓት ህፃናትን መናእሰይን ናብ ሓዊ ንክኣትዉ ብምግባር ናይ ባዕሉ ድሕንነትን ጥቕምን እናኸበረ 'ዩ ።

ኣብ ግንባር ሰቆጣ ኢዱ ንሰራዊት ምክልኻል ዝሃበ ዕጡቕ እቲ ጉጅለ ዝነበረ ታደለ ሃይሉ ከምዝበሎ ፣ ጉጅለ ህወሓት መንግስቲ ዝሃቦ ግዜ እፎይታ ከም ፅቡቕ ኣጋጣሚ ብምጥቃም ዘሎን ዘየሎን ሓይሉ ተጠቒሙ ንሰራዊት ምክልኻል ብድሕሪት ዝወግአ 'ዩ፣ እዚ ዝኾነ ድማ ንህዝቢ ትግራይ ሓሲቡ እንተይኾነስ ንባዕሉ ተመሊሱ ስልጣን ንምድሓዝን ረብሓኡ ንምሕላውን 'ዩ።

እዞም ጉጅለ ራዕዲ ዘብፅሕዎ ግፍዒ ኣነ እንተዘይተዛረብኩ 'ውን ህዝቢ ኢትዮጵያ ይፈልጦ 'ዩ



ፎቶ፡- ፀሐይ ገጉሣ

ዝበለ ታደለ ሃይሉ፣ እቲ ራዕዳዊ ሰላም ዝባሃል ኣብ ደሙ የለን ፣ብሓደ ወገን ድርድር እናበለ ብካሊእ ድማ ምድላዋትና ወዲእና ኢና ብቅልፅምና ክነሸንፍ ኢና እናበሉ ከምዝነበሩ ወሲኹ ገሊፁ።

ከም ታደለ ሃይሉ ገለፃ፣ ኢትዮጵያውያን ህፃናት ንፈቱ ኢና እቲ ራዕዳዊ ግና ንሓበሬታ 'ዩ ዝጥቀመሎም ፣ ብዘይ ዓቕሞም መሳርሒ ንክሸከሙ 'ዩ ዝገብሮም፤ እዚ 'ውን ኢዶም ንሰራዊት ምክልኻል ዝሃቡ ህፃናትን ኣረጋውያንን ምርኣይ እኹል 'ዩ ክብል ተዛሪቡ።

ራዕዳዊ ህወሓት ንህዝቢ ትግራይ ከም ሓፅር ተጠቒሙ ህልውንኡ ንክሕሎ እናገበረ ዘሎ ጉጅለ 'ዩ ክብል ኣረዲኡ።

ካሊእ ኢዱ ንሰራዊት ምክልኻል ዝሃበ ዕጡቕ ራዕዳዊ ጉጅለ መምህረ ኣረጋዊ ኣብርሃ ብወገኑ ፣ ኣመራርሓ ጉጅለ ህወሓት ብፖለቲካ ኣዘራርባ ክእለት ዘለዎም 'ዮም፣ ንህዝቢ ትግራይ በዚ ንግግሮም ምስ ፌደራል መንግስቲ ዘለዎ ርክብ ንክሕርፍፍ ብምግባር ናይ ባዕሎም ረብሓን ስልጣንን ንምንዋሕ እናተጠቐምሉ እዮም ኢሉ።

ፕሮፖጋንዳ ራዕዳዊ ህወሃት ህዝኒ በግዲ ንክኣምን እናገበሩ 'ዩ ፣ እንተተቓሊስካ ስራሕ ዕድል ክትረክብ ኢኻ ፣ ንስኻ ጀግና ኢኻ እናተብሃለ ወዲ ድኻ መንእሰይ መጥቀሚ እቶም ኣመራርሓ እናኾነ 'ዩ ክብል ኣብሪሁ።

እንትጅመር እቲ ኹናት ኣይኣመንክሉን ዝብል ድማ ናይቲ ጉጅለ ዕጡቕ ኣማኤል እንትኾን ፣ ምስ መን 'የ ዝዋጋእ ዝብል ሕቶ ይፈጥረለይ ነይሩ ፣ ዝተዛመድና ህዝብታት ኢና እዚ ድማ ናተየ ሕቶ ጥራሕ እንተይኾነስ ናይ ኹሉ መንእሰይ ትግራይ 'ዩ ክብል ገሊፁ።

መንእሰይ ትግራይ ግዲ ኾይንዎ 'ምበር እቲ ስርዓት ኣይተቐበሎን፤ ግና ኣማራፂ ስለዘይብሉ ንቲ ጉጅለ ረብሓ ክባሃል ናብ ኹናት እናኣተወ 'ዩ ክብል ወሲኺ ተዛሪቡ።

# ብፍፁም...

እዚ ሰሜን ኣብ ትግራይ ብዝነበሮ ብዙሕ ፃንሒት ቤተሰባዊ ዝምድና ዝፈጠረን ብመውስቦ ቖልዑት ኣፍርዩ ኣካል ህዝቢ ትግራይ ኾይኑ ‘ዩ፡፡ህዝቢ ትግራይ ‘ውን ውዕለትኡን ፍቕሩን ልቡ ይፈልጦን ይምስክረሉን ‘ዩ፡፡ምኽንያቱ ህዝቢ ዝተገበረሉ ጭቡጥ ነገር ዘይርስዕን ዝምስክርን ስለዝኾነ ብፍላይ ድማ ህዝቢ ትግራይ ፈታዊ ሓቂ ‘ዩ፤ኾይኑ ግና ብሕሶትን ፀለመን ጉጅለ ራዕዲ ዝተደናገረ ‘ውን ኣሎ ‘ዩ፡፡

ይኹን ‘ምበር ጉጅለ ህወሓት ማለት ወርቃዊ ታሪኽ ብጭቃን ያሎሎን ዝለውስን ዘበላሸውን ‘ዩ፡፡ምኽንያቱ ብሉፅን ብህዝቢ ዝፍተውን ኣየፍትወሉን ፤ስልጣኑ ዝትንክፍ ስለ ዝመስሎን እቲ ናቱ ሽም ጥራሕ ልዕል ክብል ኻሊእ ግና ንታሕቲ ክድርበይ ዝምነይ ዘይረብሕን ውዱቕ ኣተሓሳስባ ዝውንን ውዳበ ‘ዩ፡፡

ራዕዳዊ ጉጅለ ህወሓት ነቲ ትማሊ ዝኾርዓሉ ሰራዊት መከላኸሊ ኢትዮጵያ ባዕሉ ብዝፈጠሮ ፀገምን ብዝገጠሞ ውድቀት ፖለቲካን ግዕዝይናን ነዚ ኹርዓት ሃገር ዝኾነ ሰራዊት መከላኸሊ ኢትዮጵያ ከም ፀላኢኡ ብምርኣይ ኣብ ልዕሊኡ ሞት ኣወጁ ብዘስካሕክሕ ኹነታት ፈፂሙዎ ‘ዩ፤እዚ ሰሜን ድማ ብዘሕዝን ኹነታት 24ጥቅምቲ 2013 ዓ/ም ኣብ ዘይሓሰቦን ብዘይገመቶን ኹነታት ብድቁሱ ተጠቒዑ መስዋእቲ ኸፊሉ፡፡

እቲ መዕገርገሪ ጉጅለ ህወሓት ቕድሚ 24 ጥቅምቲ ዝነበረ እዋን ብፍላይ ድሕሪ 2010 ዓ/ም ዝገጠሞ ውድቀት ፖለቲካ ኣሜን ኢሉ ተቐቢሉ ማእኸል ኢትዮጵያ ለቒቑ ናፍቲ ዝፈረደሉ ህዝቢ ትግራይ ብዘይሕንከት ኸይዱ ናብ ዝባኑ ተሓዚሉ ‘ዩ፡፡ህዝቢ ትግራይ በዓል ብዙሕ ዓቕሊ ስለ ዝኾነ ‘ምበር ነቲ ንዓመታት ዝበደሎ በደል ምሕደራን ስእነት ዲሞክራስን ክብቀል ምኽኣለ ነይሩ ፤ኾይኑ ግና ብሓሶትን ምትላልን ኣፍልጦ ዝረኸበ ጉጅለ ራዕዲ ዝገበረ ገይሩ ይቕረታን ምሕፀንታን ብምብዛሕ ኣብ እግሪ ህዝቢ ወዲቑ ለመነ፡፡ህዝቢ ትግራይ ድማ ሎሚ ክቕየሩን ከልምዑን ዕድል ንሃቦም ደቅና ስለዝኾኑ ናበይሞ ክንሰዶም ብምባል ብተስፋን ሃቀውታ ሰላማዊ ለውጢ ብምድላይን ተቐበሎም፡፡

ጉጅለ ህወሓት ግና ህዝቢ ዝደልዮ ልምዓትን ሰናይ ምሕደራን ፈፂሙ ኣይዘከሮን፡፡እኳድኣስ ነቲ ዝፈትዎን ኹሉ ግዘ ዝሓልሞን ስልጣኑ ክመልስ ክብል በቲ ዝፈልጦ መስመር ገይሩ ትልሚ ኲናትን ራዕድን ክሕንፅፅ ጀመረ፡፡

ሚዲያታቱ ብፈኸራን ፕሮፖጋንዳን ዕረፍቲ ሰኣና፤ነበር ሰበስልጣናት ላዕለዎት ኣመራርሓ ሰራዊት ነበር ጡረተኛታት ብድኽመቶም ኣኻኺቡ ተጠቐመሎም፤በዓል ነብስ ሄር ሴኬቱሬ ጌታቸው ንቕድሚት እናውፀአ ትልምታትን መፃኢት ዓባይ ትግራይ እናበሉ ትግራይ ነበርያ ነበረ ገበርዋ፡፡

ከይሓነኹ ኣብ ልዕሊ እዚ ሰሜን ‹‹መብረቓዊ መጥቃዕቲ ፈፂምናሉ›› ክብሉ ብኣንደበት ሴኩቱሬ ተናዘዙ፤እቲ ዘሕንኽ ዘየሕንኽሎም እቲ ዘየኹርዕ ዘኹርዖም ፤ግርምቢጥ ዝኣመሎም መራሕቲ ህወሓት ብዘሕፍር ነገር ኾርዑ ፤ብዘሕዝን ሞት ድማ ተሓጎሱ፡፡

እዚ ሰሜን ብመሰካሕክሒ ኹነታት ደሙ ብሰንኪ ዘይረብሖ ፈራሓት ብዱቁሱ ፈሰሰ፤ስድራ እዚ ሰሜን ድማ ኣብ ኽንዲ ኽብረት ፀርፍን ምንሻውን ፤ኣብ ኽንዲ ብሰላም ምንባር ውፁ ተባሂሎም ከም ዘይጠቅም ኣቕሓ ተደርበዩ፡፡ብኽብሪ ዝወለዳን ብሓዳር ዝነብራ ኣንስቶም ፤ካብ ማህፀን ትግራይ ዝተወለዳ ንፀላኢኻ ዘይፅረፍ ፀርፊ ተፀረፉ ከም ዘይረብሓን ኣንፃር ህዝቢ ትግራይ ከም ዝኾናን ተነገረን፤ቕድሚ ሰሙናት ግና ጀጋኑ ሰብኡተን ብዝገበርዎ ዘሐብን ኣስተዋፅኦን ሰናይ ተግባርን ሽልማት ክወሃቡን ክውደሱን ፀኒሖም ፤እቲ ውዳሰን ሽልማትን ይግበኦም ‘ዩ ነይሩ ጉጅለ ራዕዲ ግና ንመደናገሪ ተጠቒሙ እሳቶም ኣብ ታሕጓስ እናሃለዉ ከም ኣመሉ ግብረተ ኸኣፍኣት ቐፀለ፡፡ካብ ማይካድራ ክሳብ ካሊኮማ ደም ንፁሃን ኣፍሰሰ፡፡ንብረትን ህዝብን መንግስትን ኣዕነዎ፤ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣነስትዮ ፆታዊ ዓመት ፈፀመ፡፡

ጉጅለ ራዕዲ ትግራይ ሓዊሱ ኣብ ክልላት ዓፋርን ኣምሓራን ዝፈፀሞ ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰልን ዕንወት ዝተፈላለዩ መሰረተ ልምዓታትን ውልቀ ትካላትን ዘሕዝን ‘ዩ፤ ይኹን ‘ምበር እቲ ኹሉ ዝገበሮ ኪሳራ ኣይኣኸሎን ምኽንያቱ ባህሪኡ ዕግርግርን ራዕዲ ምፍጣን ‘ምበር ሰላምን ልምዓትን ኣየፍትወሉን፡፡

በዚ ምኽንያት ድማ ቑፅሪ ስፍሪ ዘይብሉ ሃገራዊ ሃፍትን ኽቡር ህይወት መናእሰይን ሲቢላትን ብከንቱ ጠፊኡ፤በዚ ከይኣክል ንሳልሳይ ግዘ ኣዋጅን ፃውዒትን ኩናት እናቐፀሉ ብኻልእ መዳይ ድማ ዝርርብ ሰላም ንምግባር ፍርቆም መራሕቲ ህወሓት ናብ ደቡብ ኣፍሪካ ዝኸዱ እንትኾኑ ፍርቆም ድማ ኹሉ ህዝቢ ናብ ኩናት ንኽወፍር ፃውዒት እናገበሩን እናተዋገወኡን ይርከቡ፡፡ ምኽንያቱ ውሽጣዊ መንነቶም ሰላም ዝበሃል ስለዘይፈልጥ ህዝብን መንግስትን ኢትዮጵያ ንምድንጋር ዝጥቀሙሉ ሜላ ‘ዩ፡፡

እዚ ኹሉ ኣብ ልዕሊ ህይወት ሰብን ንብረትን ህዝብን መንግስት ዝበፅሐ ጥፍኣት ከምኡ’ውን ማሕበራዊ ቅልውላው መበገሲኡ 24 ጥቅምቲ 2013 ዓ.ም ኣብ ልዕሊ እዚ ሰሜን ብራዕዳዊ ህወሓት ብዝተፈፀመ መጥቃዕትን ጨፍጫፍን ስለዝኾነ ብፍፁም ኣይንርስዖን፡፡

ወጋሕታ **ዜና**

# ‹‹ህዝቢ ትግራይ እቲ ሕዚ ረኺቡዎ ዝኒህ ዕድል ከየምልጦ ነቑሑ ክሕልዎ ኣለዎ››

**- ኣይተ ሙሉብርሃን ሃይለ**

**መኣርግ ገ/ሄር**

አዲስ አበባ፡- ህዝቢ ትግራይ እቲ ሕዚ ረኺብዎ ዘሎ ናፃ ናይ ምውፃእ ዕድል ደጊሙ ከየምልጦ ኣብ ጎኒ መንግስቲ ጠጠው ብምባል ነቚሑ ክሕልዎ ኣለዎ ክብሉ ሓላፊ ርክብ ህዝብን መንግስትን ትግራይ ዲሞክራሲያዊ ፓርቲ (ትዴፓ) ኣይተ ሙሉብርሃን ሃይለ ገሊፆም፡፡

ኣይተ ሙሉብርሃን ምስ ጋዜጣ ወጋሕታ ኣብ ዝነበሮም ፃኒሕት ከምዝበልዎ፤ መንግስቲ ንህዝቢ ትግራይ ካብ ጨቛኒ ራዕዳዊ ጉጅለ ህወሓት ናፃ ንምውፃእ ኣብ ዝወሰዶ ዘሎ ስጉምቲ ስዒቡ ብዙሓት ከባቢታት ትግራይ ሓራ እናወፃ ‘የን ዝርከባ፤ ስለዚ ህዝቢ ትግራይ እዚ ዕድል እዚ ደጊሙ ከየምልጦ ኣብ ጎኒ መንግስቲ ኮይኑ ክሕልዎ ኣለዎ፡፡

ቅድሚ ሕዚ ራዕዳዊ ጉጅለ ህወሓት ብናይ ሓሶት ፕሮፖጋንዳ ንህዝቢ ትግራይ ብዙሕ ዕድላት ኣምኪንሉ ‘ዩ ዝበሉ ኣይተ ሙሉብርሃን፤ ህዝቢ ትግራይ ነቲ ሓቂ ተረዲኡ ንረብሕኡ ጠጠው ክብል ኣለዎ፡፡ ከኸፍሎ ዘይግባእ ዋጋ ብሰንኪ እዚ ጉጅለ እዚ ደጊሙ ከኸፍል የብሉን፡፡

ህዝቢ ትግራይ ኣብ ጎኒ መንግስቲ ጠጠው ብምባል ተንኮልን ስራሕን ራዕዳዊ ጉጅለ ህወሓት ብምቕላዕ ከይፈርሐ መንግስቲ ንዝወስዶም ዘለዉ ስጉምቲታት ብምሕጋዝ ሰላሙ ከውሕስ ኣለዎ፤ ኣንፃር ረብሕኡ ምስ ዝስለፍ ሓይሊ ክስለፍ የብሉን ክብሉ ኣተሓሳሲቦም፡፡

እቲ ራዕዳዊ ሓይሊ ንህዝቢ ትግራይ ጨቚኑ ብምሓዝ ብዙሕ ጉድኣት ከበፅሖ ገይርዎ ‘ዩ፤ ሰሪሑ ዝበልዕ ዝነበረ ፃዕራም ህዝቢ ናብ ከቢድ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ቑልውላው ከወድቕ ገይርዎ ‘ዩ ክብሉ ተዛሪቦም፡፡

እዚ ሓይሊ እዚ ንህዝቢ ብምትላል ኣንፃር ረብሕኡ ክስለፍ ብምግባር መከርኡን ፀገሙን ክናዋሕ ገይርዎ ‘ዩ ዝበሉ ኣይተ ሙሉብርሃን፤ ህዝቢ ትግራይ ነዚ ብምርዳእ ዕድመ ስልጣን መራሕቲ ህወሓት ንምንዋሕ እንተይኮነስ ንናይ በዓሉ ረብሓ ጥራሕ ክስለፍ ከምዘለዎ ሚዒዶም፡፡

መራሕቲ ጉጅለ ህወሓት ኣብ ማእኸል ህዝቢ ተቐርቒሮም ደጊሞም ናብ ፀገም ከየእትውዎ ህዝቢ ነቒሑ ከቓለዖም ኣለዎ፡፡ ክሓብኦም የብሉን፤ ምኽንያቱ ቅድሚ ሕዚ ነዐኦም ብምሕብኡ ‘ዩ መከርኡ ኣናዊሑ’ዩ ኢሎም፡፡

ህዝቢ ትግራይ ኹናት ስለ ዘየድልዮ ንመንግስቲ ሓጋዛይ ክኸውን ኣለዎ፤ ደጊሙ ክታለል የብሉን፤ ህዝቢ ሒዙ ናብ ፍርዲ ከቕርቦም ኣለዎ፡፡ መንግስቲ ‘ውን ዕላምኡ ናብ ፍርዲ ምቕራብ ‘ምበር ካሊእ ዕላማ ከምዘይብሉ ገሊፆም፡፡

እዚ ተረኺቡ ዝኒህ ዕድል ደጊሙ ከየምልጥ መንግስትን ህዝቢ ትግራይን ከምኡ ‘ውን ኩሉ ዝምልከተቶ ኣካል ተጠንቂቑ ክሕዞ ኣለዎ ክብሉ ኣተሓሳሲቦም፡፡

# ኣብ ልዕሊ እዚ ሰሜን ዝተፈፀመ መጥቃዕቲ ዝርሳዕ ኣይኮነን

## • ብምኽንያት መጥቃዕቲ እዚ ሰሜን ስዒቡ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ፀገም ክወድቕ ክኢሉ 'ዩ

**መኣርግ ገ/ሄር**

አዲስ አበባ፡- ኣብ 24 ጥቕምቲ 2013 ዓ/ም ብራዕዳዊ ጉጅለ ህወሓት ኣብ ልዕሊ እዚ ሰሜን ዝተፈፀመ ሃንደበታዊ መጥቃዕቲ ፈፂሙ ክርሳዕ ዘይኽእል ናይ ክሕደት ተግባር 'ዩ፤ ብምኽንያት እዚ መጥቃዕቲ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ከቢድ ፀገም ክወድቕ ክኢሊ 'ዩ ክብሉ ምክትል ኣቦ መንበር ትግራይ ዲሞክራራስዊ ፓርቲ (ትዴፓ) ኣይተ መስፍን ደሳለኝ ገሊፆም።

ኣይተ መስፍን ንጋዜጣ ወጋሕታ ከምዝበልዎ፤ ራዕዳዊ ጉጅለ ህወሓት ሃገር ዝሕሉ ዝነበረ ሰራዊት ምክልኻል ሓይሊ ምድፋሩ ማለት ሉኣላውነት ኢትዮጵያ 'ዩ ደፊሩ። ሰራዊት ምክልኻል ማለት ድሕንነት ህዝቢ ዝሕሉ ወይ ድማ ሉኣላውነት ሃገር ዝሕሉ ሓይሊ 'ዩ፤ ኮይኑ ግን ብዘይ ሓሰቦ ብራዕዳዊ ሓይሊ 'ዩ ተደፊሩ።

ይኹን 'ምበር እቲ ራዕዳዊ ጉጅለ ሓሲብዎ ዝነበረ ሃገር ናይ ምፍራስ ትልሚ ክሳኸዐሉ ኣይከኣለን። ሕልሙ ከንቱ ኮይኑ ተሪፉ 'ዩ። ህዝቢ ኢትዮጵያ ብሕራነ ተላዒሉ ኣብ ሓፂር እዋን ክፍሽሎ ክኢሉ 'ዩ ኢሎም።

እዚ ተግባር እዚ ክሕደት ሃገር 'ዩ፤ ጉጅለ ህወሓት ኣብ ልዕሊ ኣካል ህዝቢ ትግራይ ዝኾነ ሓይሊ 'ዩ ክሕደት ዝተመልአ ፍፃመ ፈፂሙ።

ምክልኻል ሰራዊት ሃገር ምድፋር ማለት ሉኣላውነት ሃገር ምድፍር ማለት ስለ ዝኾነ ክርሳዕ ዘይኽእል ዘሕዝን ፍፃመ 'ዩ ዝበሉ ኣይተ መስፍን፤ እዚ ካብ ሕሊና ኢትዮጵያውያን ዘይርሳዕ ናይ ክሕደት ተግባር ብምዃኑ በቢ ዓመቱ ክዝከር ዘለዎ ኩነታት 'ዩ ኢሎም።

ራዕዳዊ ጉጅለ ህወሓት መገዛ በዓሉ ዝመስረቶ ሰራዊት ተመሊሱ በዓሉ ክደፍሮ 'ዩ ዝብል ትፅቢት ኣይነበረን። እቲ ሰራዊት ንብዙሕ ዘመን ኣብ ትግራይ ብምፅንሑ ብባህሊን ቋንቋን ምስቲ ህዝቢ ዝተኣሳሰረን ሰራዊት 'ዩ ነይሩ። ንልዕሊ 20 ዓመታት ህዝቢ ትግራይ ካብ ፀላኢ ዝሕሉ ዝነበረ፣ ንዝተፀገሙ ብገንዘብን ጉልበትን ዝሕግዝ ዝነበረ ሓይሊ ምንባሩ ገሊፆም።

እቲ ጉጅለ ብዝፈፀሞ ናይ ክሕደት ተግባር ምኽንያት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ከቢድ ናይ ኢኮኖሚ፣ ማሕበራዊ፣ ፖለቲካዊን ስነኣምምሮኣዊን ፀገም ፈጢሩ 'ዩ፤ ከምኡ 'ውን ብዙሕ ናይ ህይወት መስዋእቲ ከፊሉ 'ዩ ኢሎም።

እቲ ጉጅለ ሓቒ ናይ ምዝባዕ ባህሪ ከምዘለዎ ዝገለፁ ኣይተ መስፍን፤ እዚ ከይኣኽሎ ህዝቢ ትግራይ ኣንፃሩ ከይለዓል ናይ ሓሶት ፕሮፖጋንዳ ብምንዛሕ ንግዚኡ ከደናግሮ ክኢሉ 'ዩ።

ህዝቢ ትግራይ ካብዚ ጉጅለ እዚ ክጥቀም ስለ ዘይኽእል ሓዱሽ ኣተሓሳስባን ኣዋዳድባን ንዕኡ ዝምጥን ፖለቲካዊ ሓይሊ የድልዮ 'ዩ። ጉጅለ ህወሓት ጠንቂ ፀገም ህዝቢ ትግራይ ስለ ዝኾነ ካሊእ ሓዱሽ ሰላሙን ልምዓቱን ዘረጋግፀሉ መራሒ የድልዮ 'ዩ ክብሉ ኣመላኺቶም።

# “ዓቕሚ ኣፍሪካ እቲ ሐዚ ዘላቶ ጥራይ ዘይኮነ እቲ ዘለዋ ዓቕሚ ኣገናዚቦም ክትኾኖ ዝግብኣ ዝቕምሩላ መናእሰይ ደቃ‘ዮም”

**- ቀዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ**

**ኣብርሃ ሓጎስ**

አዲስ አበባ፡- ዓቕሚ ኣፍሪካ ከምዚ ሐዚ ዘላቶ ጥራይ ዘይኮነስ እቲ ዘለዋ ዓቕሚ ኣብ ግምት ብምእታው ክትኮኖ ዝግብኣ ዝቕምሩላ መናእሰይ ደቃ ‘ዮም” ክብሉ ቀዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ ገሊፆም።

ካብ 19 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም ጀሚሩ ዝተኻየደ ዋዕላ መንእሰያት መራሕቲ ኣፍሪቃ ቅድሚ ትማሊ ዝተዛዘመ እንትኸውን፣ ኣብቲ መዛዘሚ መርሃ ግብሪ ኣብ ሓድነት ኣፍሪቃን ፓን ኣፍሪካውነትን ኣበርክቶ ንዝገበሩ ነበር መራሕቲ 17 ሃገራት ኣፍሪቃ ሽልማት ተዋሂቡዎም።

ቀዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ኣብ መዛዘሚ ዋዕላ መራሕቲ መንእሰያት ኣፍሪካ ከምዝገለፅዎ፣ ኣብ ምድሪ ኣፍሪካ ብዙሓት ተስፋ ዝህብ ጀማሮታት ይርኣዩ ከምዘለውን፤ ከምኡ’ውን ናይ ስራሕን ቴክኖሎጂን ምህዞታት እናወሰኸ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ እዋን ጉዕዞ ኣፍሪካ ናብ ብልጽግና ዘይተርፍ ‘ዩ ክብሉ ገሊፆም።



ፎቶ፡- ፀሐይ ንጉሣ

ናይ ኣፍሪካውያን ፈጠራዊ ፍርያት ኣብታ ኣህጉርን ካብኡ ወፃእን እናሰፍሐ ይኸይድ ከምዘሎ ዝገለፁ እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር፤ ገለ ዘጋጥማ ዘሎ ብድሆታት ኣብ ውሽጢ እታ ኣህጉር ብዝፍጠር ፍርያት ቴክኖሎጂ ትከላኸል ምህላዋ ‘ውን ኣብሪሆም።

ኣፍሪካ ናብ ራብዓይ ኢንዱስትርያዊ ለውጢ ትፅንበር ከምዘላ ዝጠቐሱ እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር፤ ኣብ ቀረባ እዋን ኣብ ኢትዮጵያ ዝተኻየደ ዋዕላ ኣርቲፊሻል ኢንተለጀንስ ፓን ኣፍሪካ ከምዝተኻየደን ሓደሽቲ ቴክኖሎጂታት ተጠቒምካ ዘላቒ ልምዓት ንምምፃእ ስትራተጂታት ከምዝተሓንፀፁን ‘ውን ገሊፆም።

ምቹው ቁጠባዊ ዕብየት ንምቕፃል ቁጠባዊ መዋቕራዊ ለውጢ ምግባር፣ መፍረያይነት ምዕባይ፣ ንግድን ተወዳዳርነትን ምዕባይ፣ ኢንዱስትሪ ምስፋሕ ካብ ኣፍራዪ ጥረ ነገራት ናብ ኣቕራቢ ልዑል ተወሳኺ እሴት ዘለዎም ፍርያት ንምስግጋር ከምዘድሊ ኣስሚሮምሉ።

ቀዳማይ ሚኒስትር ከምዝበልዎ ኣፍሪካ ብዙሕ ተሓዳሲን ሓላቕን ሃፍቲ’ኳ እንተሃለዋ ቁጠባኣ ግን ኣብ ዕንክሊል ውሽጢ ‘ዩ ፀኒሑ፤ ከም ውፅኢቱ ድማ እታ ኣህጉር ንናይ ወፅኢ ጣልቃ ምትእትታው ተቃሊዓ ‘ያ ፤ ስለዚ ዓለምና ናብ ሓደ ሓደ መንደር ምስ ምልዋጥ ተተሓሒዞ ዝገጥምዋ ዘለው ፀገማት ንምብዳህ ዝግበር ፃዕሪ ብፈጠራን ፍልጠትን ክድገፍ ይግባእ ኢሎም።

ኣብዚ ሕዚ እዋን መራሕቲ ኣፍሪካ መንገድታት ልምዓት ይቕይሱ ከምዘለዉ ዘመልከቱ እቶም እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር ፤ ኢትዮጵያ ‘ውን ብመንፅር ምንካይ ድኽነትን መሃይምነትን ብዙሕ ውፅኢት ኣመዝጊባ ‘ያ። ሐዚ ድማ ብምግቢ ዓርሳ ክትክእል ጉዕዞኣ ጀሚራ ኣላ ኢሎም።

እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር ናይ ዓርስካ ምኽኣል ፃዕርታት እንገልፁ፤ ብዛዕባ ሓምላዋይ ዓሸራን ሓጋይ ስርናይን እንተልዕሉ እታ ሃገር ፍርያት ስርናይ ናብ ጎረባብቲ ሃገራት ንምልኣኽ ኣብ ምንቅስቓስ ከምዘላ ኣብሪሆም።

ዓለም ንኣፍሪካ እትጥምቶ ኣገባብ ንምቕያር ኣፍሪካውያን መንእሰያት ኣበርቲዖም ክሰርሑ ከምዝይግባእን፤ ኣፍሪካውያን ብዛዕባ ዝጎደሎም ዘይኮነስ ብዛዕባ ዘለዎም ሃብትን ኣድማዕነትን ተስፋን ክዛረቡ ሓቲቶም።

እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር ብዙሓት ስራሕ ፈጠርቲ መናእሰይ ይረኣዩ ከምዘለዉ ኣመልኪቶም። ምህዞታት ክዕቀብን ፈጠርቲ ቴክኖሎጂ ክድገፉን ከምዝግባእ ኣስሚሮምሉ።

መናእሰይ ስራሕ ንምጅማር፣ ንምምሕዳርን ንክኽእሉ ዘሰልጥን ናይ ኢትዮጵያ ማእኸል ልምዓት ተውህቦ ከምዝሃነፀት ብምዝኻኻር ፤ ፈጠራን ፃዕርን መናእሰይ ፍረ ምስ ዝፈሪ ሂወቶም ዘመሓይሽ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ ኢኮኖሚ ጎዶቦና ‘ውን ዓብዪ እጃም ከም ዝህልዎ ኣብሪሆም።

መፍረያይነት ንምዕባይ፣ ኩለመዳያዊ ቁጠባዊ ዕብየት ንምርግጋፅን ድኽነት ንምንካይን ክእለት ምምዕባል ወሳኒ ምዃኑ እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣመልኪቶም፤ ምስዚ ተኣሳሲሩ ኣብ ቀረባ እዋን ዝተመረቐ ናይታ ሃገር ፈላማይ ቤተ መዘክር ሳይንስ ልዕሊ ፍርቂ ሚልዮን ህዝቢ ዝተበፅሐ ከምዝድነቕን ‘ውን ኣዘኻኺሮም።

ኣብቲ መድረኽ ቀዳማይ ሚኒስትር ኣፍሪቃውያን ንነፃነቶም ተወዲቡኦም ክቃለሱን ከምኡ’ውን ምዕራባውያን ባዕዳዊ ግዝእት ካብታ ኣህጉር ክባረሩ ብምግባርን፣ ኣብ ምምስራት ሓድነት ኣፍሪቃ ዓቢ ኣበርክቶ ዝገበሩ ክቡር ግርማዊ ቀደማዊ ሃይለስላሴ ዝርከብዎም 17 ነበር መራሕቲ ኣፍሪካ ብቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ ሽልማት ተዋሂቡዎም።

በኢፌዴሪ የመንግሥት ኮሙኒኬሽን አገልግሎት
FDRE Government Communication Service

# ‹‹ሰማእታት እዚ ሰሜን ብምዝካር ታሪኻዊ ሓደራና ክንዋፃእ ኢና››

**-ግልጋሎት ኮሙኒኬሽን መንግስቲ**

*መሰረት ገ/ዮሃንስ*

አዲስ አበባ፡- ሰማእታት እዚ ሰሜን ብምዝካር ታሪኻዊ ሓደራና ክንዋፃእ ኢና ክብል ግልጋሎት ኮሙኒኬሽን መንግስቲ ገሊፁ።

ግልጋሎት ኮሙኒኬሽን መንግስቲ ኣብ ዘውፅኦ መግለፂ፣ ኢትዮጵያ ኣብ ዘበና ብዙሓት ህልውናኣ ዝፈታተኑ ትዕቢት ዝወጠሮም ሃገራት ወረራ ብምፍፃም ረብሐኦም ንምፅዓን ፈቲኖም 'ዮም ኢሉ።

ይኹን'ምበር ጀጋኑ ደቃ ነቶም ፀላእቲ ብዋልታን ኩናትን ብምፍላም ከከም ኣመፃፅኦም ብምምላስ ሉእላዊት ሃገር ኣረኪቦሙና 'ዮም ክብል ገሊፁ።

ግብረ ራዕዲ ህወሓት ኣብ ዝሓለፉ 27 ዓመታት ኣብ ልዕሊ ሰብኣዊ መሰል ህዝቢ ግፍዒ ይፍፅም ከምዝነበረ ብምዝኻር፣ ኣብ ኢትዮጵያ ለውጢ ኣብ ዝመፅሉ ፅባሕ ኣመራርሓ እቲ ጉጅለ ግብረ ራዕዲ ነቲ ለውጢ ምፅልእላእ ከምዝጀመሩ ሓቢሩ።

ካብዚ ሓሊፉ 24 ጥቅምቲ 2013 ዓ.ም ካብ 1990 ጀሚሩ መቐመጢኡ ኣብ ትግራይ ብምግባር ምስ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ልዕሊ ዝነበር ዝነበረ እዚ ሰሜን ካብ ደቂ ሰባት ትፅቢት ብዘይግበር ጭካነ ዝተመልአ ከምዝጨፍጨፎን ክሕደት ከምዝፈፀመን ገሊፁ።

ኣባላት እዚ ሰሜን ኣብያተ ትምህርቲ ብምህናፅ ህፃናት ይመሃሩ ስለ ዝበሉ፣ ጣቢያታት ጥዕና ብምህናፅ ሞት ኣዴታትን ህፃናትን ይቐነስ ብምባሎም፣ ጎዳ ጉዲ ማይ ብምፍሓር ኣዴታት ካብ ፆር ማይ ብምድሓኖም ግብረ ራዕዲ ህወሓት ብጥይት ፈዲዩዎም 'ዩ ክብል ኣብ መግለፂኡ ሓቢሩ።

እቲ ጉጅለ ኣብ ልዕሊ ንህዝቢ ትግራይ ብገንዘቦም፣ ጉልበቶምን ፍልጠቶምን ብምድጋፍን መስዋእትነት ህይወት ብምፍፃምን ኩሉ ዓይነት መስዋእቲን ደገፍን ዝገበሩ ኣባላት ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ብዝፈፀሞ ክሕደትን ጫፍ ጭካነን ናይ ግዲ ዘይብሎም እካብ ምዃኑ ከምዘረጋገፀ ኣውን ኣብሪሁ።

ግብረ ራዕዲ ህወሓት 24 ጥቅምቲ ኣብ ልዕሊ እዚ ሰሜን ብዝፈፀሞ መጥቃዕቲ ክሕደት ከይኣኸሎ ካሊእ ኲናት ብምኽፋት ኣብ ወርሒ ሰነ 2013 ዓ.ም መንግስቲ በይናዊ ደው ምባል ተኹሲ ብምግባር ሰራዊቱ ካብ ትግራይ ኣብ ዘውፅኣሉ እዋን በቢበረኽኡ ተበታቲኑ ዝነበረ ዕጡቑ ኣኻኺቡ ኣብ ክልላት ዓፋርን ኣምሓራን ወረራ ከምዝፈፀመ ገሊፁ።

ኣብቲ እዋን ኣመራርሓ እቲ ጉጅለ ኢትዮጵያ ንምፍራስ ክሳብ ሲኦል ምኻድ እንተኣድሊዩ ከምዝኸዱ ከምዝተዛረቡ 'ወን ኣዘኻኺሩ። ኣብ ጭና፣ ጋሊኮማን ካልኦት ከባቢታትን ብዘይ ርህራህ ንፁሃን ብጅምላ ከምዝቐተሉ 'ወን ሓቢሩ።

ዝጀመርዎ ወረራ ብጀግና ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ብምምካት ካብ ክልላት ዓፋርን ኣምሓራን ምውፅኦም ብምግላፅ፣ መንግስቲ ስምምዕነት ደው ምባል ተኺሲ ኣብ ዝገበረሉ እዋን 18 ነሓሰ 2014 ዓ.ም ሳልሳይ ዙር ወረራ ከምዝፈፀሙ ኣረዲኡ። ህወሓት ምስ ባንዳታትን ታሪኻዊ ፀላእቲን ብምዃን ወረራ እንተፈፀመ 'ውን ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ብዝግባእ ከምዝመከቶ ገሊፁ።

ምስ መላእ ህዝቢ ብምዃን ብመሰረት ዝገበርናዮ ልዑል ተጋድሎ ህወሓት ባዕሉ ብዝወለዖ ኲናት ንክጠፍእ ኣብ ናይ መወዳእታ ምዕራፍ ከምዝርከብ 'ውን ገሊፁ።

ዳይሬክተር ርክብ ህዝቢ ሚኒስቴር ምክልኻል ኮሎኔል ጌትነት ኣዳነ ትማሊ ኣብ ዝሃብዎ መግለፂ ከምዝበልዎ፣ እቲ ጉጅለ ግብረ ራዕዲ ሃገር ናይ ምፍራስ ዕላማ ብምሓዝ ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ጨፍጫፍ ከምዝፈፀመ ፣ በዚ ድማ ፀረ ህዝብን ሃገርን ምዃኑ ብተግባር ኣመስኪሩ ኣሎ።

ክሕደት ዘይስልችዎ ራዕዳዊ ጉጅለ ሃገር ንምፍራስ ዕላማ ሒዙ ኣብ ሰራዊት ጭፍጨፋ ምፍፃሙ እዚ ድማ ፀረ ህዝብን ሃገርን 'ዩ ክበሉ ገሊፆም።

ግብረ ራዕዲ ህወሓት ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ክሕደት ዝፈፀመሉ ካልኣይ ዓመት 24 ጥቅምቲ ኣብ መምርሒ ሰራዊት ምክልኻልን ሰራዊት ኣብ ዘለዎ ቦታን ብፍሉይ ኩነታት ተዘኪሩ ክውዒል 'ዩ ።ዕላማ እቲ መዘከርታ ከምዚ ዝበለ ተግባር ጥፍኣት ዳገም ንከይሕሰብ ንምግንዛብ ዝዓለመ ከምዝኾነ ምሕባሮም ግዜኢ ፀብፂቡ።

ራዕዳዊ ህወሓት 24 ጥቅምቲ 2013ዓ.ም ኣብ ልዕሊ እዚ ሰሜን ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ብግፍዒ ክሕደት ፈፂሙ፣ ብሲኖ ከይተረፈ ጨፍጫፍ ኣካይዱ'ዩ፡፡ መሰረተ ልምዓት ኣዕንዩ፤ፀጥታ ህዝቢ ኣብ ዝሕልው ኣባላት ፌደራል ፖሊስ'ውን ገበን ፈፂሙ፡ንክበኽያ ገይሩ፡ክብሪ ሃገር ኣዋሪዱ፡፡ዩኒፎርም መኸታ ሃገር ዝኾነ ሰራዊት እንተዋርድ ክብሪ ሃገር'ዩ ኣዋሪዱ፤ዋልታ ሃገር ዝኾነ ሰራዊት እንትኽሕድን እንትደፍርን ንኽብርን ሉኣላዊነት ሃገርን'ዩ ኪሒዱ፤ደፊሩ፡፡እዚ ተግባር ብፍፁም ኣይንርስዖም፡፡ድሕሪ እቲ መጥቃዕቲ እቲ ሰራዊት ዓርሱ ዳግም ወዲቡ ናይ ምክልኻል ስጉምቲ ወሰዱ፤ሉኣላዊነት ሃገር ኣኽቢሩ'ዩ፡፡ንቲ ጉጅለ ደማ ናብ በረኻታት ቆላ ተምቤን ንክሓድም ገይርዎ፡፡ኣብቲ ሽዑ እዋን ዝተልዓሉን ንቲ ኹነታት ዘዘኻኽሩ ፎቶታት እዞም ዝስዕቡ'ዮም፡፡

















ብቤት ሕትመት ብርሃንን ሰላምን ተሓቲሙ